# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 27 ዓመት ቁ.61 | ሰንበት 12 ሕዳር 2017 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — መሮሪ



ገጽ 3 — "ኮንሰርት: ዓቕሚ፡ ርእሰ-ተኣማንነትን



ገጽ 5 — ሰብን ተመንን



ገጽ 6 — ገዓት ሕፍሲ



ገጽ 7 — ቀይሕ ባሕሪ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ቀጺራ




# ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ትማሊ ኣኼባ ኣካዪዱ

ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ፡ ትማሊ 11 ሕዳር 2017 ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ህንጻ ሃገር ተኻዪዱ።

ካቢነ ሚኒስተራት፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝቐረበ፡ ኣድላይነት ቅርጻዊ ምትዕርራይን ክለሳን ዝጸንሐ ባጀታዊ ኣሰራርሓ ብመገጽር ቀዳምነታት ፕሮግራማት ልምዓት - ዘረድእ ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምስማዑ፡ ን2018 ኣብ ዝተታሕዙ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ልምዓትን ኣመታዊ (Indicative) ባጀቶምን ከምኡ'ውን ኣብ ምንጩታት ባጀት፡ ጉዳይ ምኽዕባት ኣታዊታትን ምልዛብ ወጻኢታትን፡ ምሕያል ወፍሪን መደባት ቁጠባዊ ዕቤትን ኣስፊሑ ተመያዩጡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንካቢነ ሚኒስተራት ኣብ ዘቕረቦ ወረቐት፡ ናብ ትግባረ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት ኣብ እንሰጋገረሉ ዘለና መድረኽ፡ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ኣብ ባጀታዊ ኣሰራርሓ ዝጸንሐ ተሞኩሮ ብምምዝጋብ፡ ንዚያዳ ኣድማዕነትን ውሕሉል ኣጠቓቕማ ጸጋታትን - ዳግመ ክለሳን ቅርጻዊ ምትዕርራይን ከምዘድልዩ ኣረዲኡ።

ብኣኡ መንጽር ዝጸንሐ ቅጥዒ ኣቀራርባ ልሙድ ባጀትን ዝርዝራት ትሕዝቶኡን ሓደ ብሓደ ተራእዩ፡ ምምሕያሽን ምቕርጣውን ኣብ ዘድልዮ መዳያት ምስትኽኻል ክግበረሉ ድማ ኣገዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ቀዳምነታት ባጀት 2018 ናብ ዝበል ኣርእስቲ ብምስጋር፡ ኣብ ምደባ ባጀት ዓመተ-2018፡ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታት ኮይኑ ተሰሪዑ ዘሎ ምምሕያሽ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ምዃኑ ሓቢሩ። ኣብ ልምዓታዊ ባጀት ድማ፡ ምስፋሕ ምንጩታት ተሓዲሲ ጸዓትን መርበብት ማዘርግሒ ኤለክትሪሲቲን፡ ምውሓስ ቀረብ ኑዳዲን ስትራተጂያውያን ሃለኽቲ መግቢን፡ ወፍሪ ምስሳን ሃብቲ እንስሳን ሃብቲ ባሕርን፡ ምዕባይ ቀረብ ኣገልግሎት ማይ ንዘቤታዊን ሕርሻዊን ኢንዱስትሪያውን መዓላ፡ ምውሳኽ ዓቕሚ ማሺነሪን ዘበናዊ ናውቲ ዕዮን፡ ምፍዋስ ማይ-ክዕዎታትን ምዕቃብ ኣከባብን፡ ምውሳኽ ሓጽብታትን ምምዕባል ስርዓት-ማስኖን፡ ህንጸትን ምሕዳስን ጽርግያታት፡ ወደባት፡ መዓርፎ ነፈርቲን መሳለጥያታቱን፡ ህንጸት ኣብይቲ፡ ምምሕያሽ ኣገልግሎት መጓዓዝያን መራኸቢታትን፡ ወሰኽ ትሕተ-ቅርጺ ትምህርቲን ጥዕናን ምምዕባል መሳለጥያታቱን፡ ምውሓስ ቀረብ መድሃኒት፡ እታው ወሰንቲ ጥረ ነገራትን ንዋትን ህንጻ ከም ዘጠቓልል ሓቢሩ። ኣመታዊ ባጀቱ እንታይ ክመስል ከም ዝኽእል እውን ሰፊሕ መረዳእታ ሂቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ቀጺሉ፡ "ምወላ ባጀት ብኸመይ?" ዝበል ኣርእስቲ ብምልዓል፡ ቀንዲ ምንጪ ባጀት - ምኽዕባት ኣታዊታት ኮይኑ፡ ምልዛብ ወጻኢታት ምስኡ ተኣሳሲሩ ከምዝርኤ ጸቒጡ ኣስሚሩሉ። ናይ ምምዋል ዓቕሚ ንምዕባይ፡ ወህለላ፡ ወፍሪን ሓዋላን ዓቢ ኣተኩሮ ክግበረሉ ምዃኑ፡ ምቁጽጻር ዑደት ገንዘብን ምሕያል ዓቕሚ ባጤራን፡ ምስፋሕን ምምዕባልን ጥንቃቐ ኣገልግሎት፡ ምቁጽጻር ኮንትሮባንድ፡ ሰደድ ሕርሻውን ባሕራውን ፍርያት፡ ምሕያል ንጥፈታት ዕደናን መስንዖትን ወዘተ ምዃኑ ከኣ ኣገዚቡ።

ካቢነ ሚኒስተራት ድሕሪዚ፡ ኣብ ቅርጻዊ ምትዕርራይ ባጀታዊ ኣሰራርሓ - ነዊሕን ዓሚቕን ዘተ ኣካዪዱ። ን2018 ተኣሚሙ ዘሎ ናይ ኩለን ኣካላት መንግስቲ ባጀት፡ በቲ ዝተዋህበ መምርሒ መሰረት ዳግም ተኸሊሱ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክዝዘየሉ ድማ ተረዳዲኡ።

ካቢነ ሚኒስተራት ኣብ መወዳእታ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝቐረበ፡ ክልላዊ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያውን ጸጥታውን ምዕባለታት ዞባና ዝምልከት ሰፊሕ ሓበሬታ ሰሚዑ ድሕሪ ምዝታይ፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ኣኼብኡ ዛዚሙ።







ስ/ ታእዝዝ ኣብርሃ

## ዓንሰባ - ብተመሃሮ ንልምዓት ኣድማዒ ስርሓት ተሰላሲሉ

ሎሚ ዓመት፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዝተሰላሰለ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዕዉት ምንባሩ፡ ብ5 ሕዳር ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ተሓቢሩ።

ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሃገራውያን ማሕበራትን ካልኦትን ኣብ ዝተረኽቡ ርክብ፡ ወኪል ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ መሓመድ-ዑመር ዓብደላ፡ ዘሎ ሓያል ጉድኒ ብምዕቃብን ኣብ መስርሕ ዝተራእየ ድኽመታት ብምልላይን ንዝመጽእ ዓመት ዚያዳ ኣድማዒ ስራሕ ንምምዕማም እኹል ምድላዋት ንምግባር፡ ተራ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት መምህር ክፍለ ሰለሙን ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቲ መደብ ካብ 10 ሓምለ ክሳብ 13 ነሓሰ ኣብ ትሽዓተ ንኡሳን ዞባታትን 46 ነቑጣታትን ከም እተተግበረ ብምሕባር፡ ዝተዓመ ስራሕ ብመንጽር ዝበረ ወጥን ኣድማዒ ምንባሩ፡ ንዝበለጸ ወጽኢት ግና ዚያዳ ወህደትን ዓጸፋ ጻዕርን ክግበር ኣተሓሳሲቡ።

እቲ ወፍሪ፡ ኣብ ምስራሕ ከትሪታትን ዛላታትን፡ ምጽጋን ጽርግያታት፡ ምስራሕ ጋቢያናት፡ ምግራብ፡ ጽሬት ከባቢ፡ ከምኡ'ውን ምእካብ ግብሪ ተሎቭዥን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ልዕሊ 34 ሽሕ ፈልሰታት ገረብ ከም እተተኽሉ ካብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ንምፍላጥ ተኻኢሉ።

## ገዲም ተጋዳላይ ወልደሚካኤል ክፍሉ ተሰዊኡ

ኣባል ኮርፖረሽን መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ኤርትራ (ፋርማኮር)፡ ገዲም ተጋዳላይ ወልደሚካኤል ክፍሉ (ወዲ ክፍሉ)፡ ብዘጋጠሞ ሓደጋ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ሕክምናዊ ረድኤት ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብቐደሚ ትማሊ 10 ሕዳር ኣብ መበል 64 ዓመት ዕድሚኡ ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ስውእ ወልደሚካኤል፡ ካብ 1987 ምስ ማእከላይ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ሳግም) ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረ ኮይኑ፡ ፈለማ ኣብ ዝተፈላለያ ሆስፒታላት ብደረጃ ላቦራቶሪ ቴክኒሻን፡ ድሒሩ ብደረጃ ሓላፊ ክፍሊ ላቦራቶሪ፡ ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ድማ ኣብ ኮርፖረሽን መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ኤርትራ ብደረጃ ሓላፊ ዕድጊ ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ገዲም ተጋዳላይ ወልደሚካኤል ክፍሉ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ደቂን'ዩ። ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ሎሚ ሰንበት 12 ሕዳር ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም'ዩ።

ሚኒስትሪ ጥዕናን ኮርፖረሽን መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ኤርትራን፡ ብድንገታዊ ማስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ወልደሚካኤል ክፍሉ - ዝተሰመዖም መሪር ሓዘን እናገለጹ፡ ንስድራቤቱ መሳርሕቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምነዩ።



# ገጻት ሂወት




ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ጆርናል

ተዘክሮ
ፈለማ
ፍቕርና

### ሓፉረይ

4:50 ድ.ቐ. ታባ ዓሰርተ



"ሓዳሽ መምህር መጺኦትና ኣሎ" ናህም ዓርከይ'ዩ ኣቐዲሙ ብዘዕገኺ ኣዕለለኒ።

"ክንደይ መምሃራን ሓደስቲ'ሞ መጺኦም ዘይተቐየሩ" ከይተገደስኩ መለስሉ።

"ኣንታ እዚኣ ምስ ኣዋልድ ኣይትጸብጸብ! ምሽ ኣላ 'ዝንዮዮ' ትብሃል ጽብቕቲ ናይ ጸውጸዋይ መጽሓፍ፡ ንሳ ኮይና'ያ ትስመዓኒ በል! ከደረይቲ'ያ፣ ከምተን ትፈትወን ኣዋልድ ገፊፍ ዘበለ ጉድና ምኽዓን'ያ ደማ ትፈቱ" ናህም ከም ባህሪ ኢጋሩ ስለ ዝኽእሎ ክኣምኖ ኣይከኣልኩን።

"እሞ እዚኣ ድኣ ስእሊ'ያ በላ!" እናሰሓቕኩ ተዋዘኹዎ።

"እንታይ ግደኻ ናብ ቅብኣ ትጸሪ" ተመሊሱ ዋዛኡ ኣዳመቐ።

"እህ! የማንካ ጠምት! ሹፍ... ሹፍ... ሚሪ!" ኣቓልቦይ ዝምንዘዕ ቃላት ወርዊሩለይ።

ሓፉረይ፡ ርእየ ኩብለክን እንታይ ስምዒታት ይስመዓኒ ምንባሩን ክዕገረኒ ብልክዕ ኣይክእልን ይኸውን። ናይ ሽዑ ስምዒታተይ ምናልባት ኪኖ ቀለመይ ተፍሰሶ ዘላ ጽሑፍ፡ ልበይ ክትምርምሮ ይሓይሽ ምበልኩ።

ሽዑ፡ 'ኣህ!' ኣፈይን ዓይነይን ኣደብ ስኢነን ኣብ ልክዑ ዝሓለፈ'የ ጠሚተክን ተዓዚመልክን። ኣይሓሰብኩዎን፣ ናይ ናህም ዓርከይ ኢጋንኖ ክመሚ'ምባር ብሓደ ወሰታ ፍቕሪ ክትጭጭብኒ መዓስ ኢለዮ። ሓናኺይ ግን ይዓጠኪ ደዩ! መዓስ ግዜን ቦታን ትፈልዩ ኴንኪ፣ ብዘይ ኣድሉዎ ድኣ ማዕጾ ልበይ ደፊእኪ ከምዛ ገዛት ብዘይገለ ሰኺትት!።

"ኣንታ እዚ ኩዳና ገፊፍ እናበለ ከይሕንኩሉ" ናባና እናኸትቀርበ፡ ናህም ዓርከይ ገፊፍ ዘበለ ጉድናኺ ከይዕንቅፈኪ ከሰክፎ'ዩ ተረኣዩ። ኣነ ግን ኣኩዳድናኺ ጽባቐ ጸዋዑ ከይዕይዘኪ ሰክፍታ ኣሕደረ።

ሽዑስ ትዝክረዶ፧ ቀሊሕ ኢልኪ'ኮ ኣይጠመትክናን። ሓንሳብ ቀሪዕኪ ምስ ረኣኽና ብድሕሪኡ ምስ ደገምኪ ኣይተመለስክናን። ሓፋር ምዃንኪ ደማ ሽዑ'የ ኣስተብሂለልኪ። 'ጽብቕትን ሓፋርን!'ሓቂ'ዩ ናህም ዓርከይ 'ከምተን ትፈትወን ኣዋልድ'ያ፧' ክብለኒ። ጥቓና በጺሕኪ። ኣብ ጥቓ ሰታፍ እናሃለና ሰላም ግን ኣይከኣልክን፡ ንምንታይ ከምኡ ጌርኪ ኣነ ቀልጢፈ'የ ፈሊጠዮ። ናህም ግን፤

"እዛ ጓል ናብ ትዕቢት ዝኸደ ባህሪ ኣሎዋ፧" ቀልጢፉ ወንጃሉኪ።

"እስከ ሓዳሽ መምህር እንድያ ክትላለየና ኣይምኸኣለትን፤ ሰላም ዘይበለትናኸ ንምንታይ'ዩ፤ ደስ ተመዛሮ'ዩ መሰሉዋ፤ ወይ ድማ ጽብቕቲ ስለ ዝኾነት ኩሪዓ፤ ክንደይ ጸቡቓት'ሞ ዘይ...፧" ኣየውዓእኩዎን፤ "ትዋዘ ዲኻ ዘለኻ?" ድንጋርጋር በሉኒ። ክንእዲኪ ከም ዘይጸነሐ ናብ ምውንጃል ክሳገር ኣይተዋሕጠለይን።

"ድሓር ከኣ ምሳኻ ኣቐዲማ ስለ ዝተፋለጠት 'ሰላም ዘይበለትኒ፣ ዘይተላለየትኒ፣' ክብል ዝጕብኣኒ ኣነ'የ መስለኒ" ተኸላኺለልኪ። ክትዕና ከይወዳእና ኸኣ ሓላፊና ንኹልና መምሃራን ንሓጺር ኣኼባ ጸዋዕና። "ሓዳስ መምህር መጺኣትልኩም ኣላ" ንበምልእና በቢስምና ተላሊኻና። 'ትእማር እብሃል፧' ብግደኺ ስምኪ ነጊርክና - ተላሊና።

ሌላና ሰፊሑ፡ ብፍላይ ምሳይ ጥቡቕ ምርኻብ ክትገብሪ ዝኸኣልኪ መጽሓፍ ንለቓቓሕ ስለ ዝበርና'ዩ። ኣልማዝ ብኣልማዝ፡ ተረፍ፡ ሰሓቕን ንበዓትን ወዘተ... እተፈላለዩ መጻሕፍቲ ኣንቢብና ኣናትና ተመሲጦ ኣዕምዳሉ ነይርና። ብእኡ ኣብለ ኸኣ ኣናባብራኺ፡ ፍልስፍናኺ፡ ኣብ ህይወት ዘሎኪ ኣረኣእያ ክፈልጥ ክኢለ - ኣደንቂቐኪ ድማ። ተወሲኺ፡ ኣፍቂረኪ።

ሓፉረይ፡ እዚ እናኾነ ግና ኣብ 'ሰታፍና' ዋላ ምስ ኣዋልድ መሳርሕትኺ ክትዛረቢ ዘይምኸኣልኪ፡ መሓዛት ዘይብልኪ ተጸላኢት ሰብ ገይሩኪ'ዩ። እዚ ኣነ ምሳኺ ክዛረብ ዘብቅዓኒ'ውን ሳላ ኣቐዲመ ሓናኺ ምዃንኪ ዘጸናዕኩዎ'ዩ። ተቓለስ በቲ ንስኺ ትፈትውዮ ዕላል መጻሕፍቲ ስለ ዝጀምር ከኣ ኣብ እተፈላለየ እዋናት ምሳይ ነኺስኪ፡ ኣትኪልኪ ተዕሊሊ ኔርኪ። 'ከመይ ጌርካ ምስ ትእማር ተዕልል ወደይ! ትዕቢተኛ'ያ፡ ንሱብ ሰላም'ኳ ዘይትብል' መሳርሕትና ክሱብ ዝደንቖ'የም ዝኾኑ። 'ቅድም'ባ ቀረቡዋ፡' ኣብ ክንዳኺ እሓምም። ኣብ ልበይ ተጠጃኡ ዝበረ ፍቕሮኺ ሕማም ዝኣሊይ ከይኣኸሎ፡ ተወሲኺ ብሰብ ከይትጽልኢ፡ ንዕኦም ከእምኑ ንሺኺ ከይፈለጥኪ ጠቢቓኺ ኩይነ ሓፉረይ።

ሓደ መዓልቲ ግን ንሓዋሩ ጠቢቓኺ ክኸውን ኣንቂደ ተበገስኩ። ወረቐት ኣብታ ዝሀብኪ መጽሓፍ ሕቶ ፍቕሪ ጽሒፈ ንሰሙን ክትሓስብሉ ዕድል ሂበኪ። ሰሙን ህንጡይነት ልበይ ግዲ ሰሚዓ ጠበሽ ኢላትለይ። ሻቕሎተይ ሶማይ በጺሑ። ድሮ ናይ ካልኣይቲ ክፍለ ግዜ'ዩ። ትኣትወዮ ክፍሊ ከም ዝበረትኪ ኣብ 'ታይምቴብልኪ' ኣቐዲመ ተዓዚበዮ ነርኩ። ክፍሊ ጸኒሐ ውትፍ ክብል፡ ንሽኺ ክፍሊ ክትኣትዊ ኣብ ኣፍደገ 'ሰታፍ' ተራኺብና።

"ክዘረበኪ፥ እ... መልሲ ሻቕሎተይ...፧" ሓደኣ ክትወልድ ሐዘኪ ደገ ወጺኡ።

"መልሲ ድኣ..." ርእሰኺ ሓቢእኪ። ብሕፍረት ርእሰኺ ኣብ ጽፍሪኺ ከተእትውያ ዝተርፈኪ ኣይነበርን።

"እሞ ሕጂ ደየ ክምልሰልካ፧" ተመሊስኪ ሕፍርፍር ኢልኪ።

ደናኒቶ፡ ሓፋር ምዃንኪ ኣብ መልክዕኪ ዝሰኸሮ ጽባቐ ኣነ ጥራይ'የ ዝፈልጦ። ካልኦት ግን ብትዕቢት ይምስሎም።

"ናይ ሰሙን ምሉእ ሻቕሎተይ እንተ ትፈልጥስ ቅድሚኡ'ኳ ምመለስክለይ ነይርኪ። ብዘኾነ..." ዘረባና ከይወዳእና፤

"ትእማር ተመሃሮ ይጸበዩ ኣለዉ'ባ ክፍሊ እተዊ" ኣብ ኣፈሉ ኩይኑ ሓላፊና ተዳህዩኪ።

"በሊ ቀልጥፊ፤" ኣነ'ውን ብጎደይ ሃዊጸኪ።

"እሞ'ቲ መልሲ ዘሕፍር ኩይኑስ...፧" ኣዋጠርኪ ግዲ'የ! ተሸቑሪረ ኣሸቑሪረኪ።

"እንታይ ዲኺ ክትብልኒ፧"

"ብኣፈይ ኣይብለካን'የ፣ ሕቶይ እንተ ሂቡካ ሕራይ ምዃኑ ባዕልኻ'ባ ገምቶ ሚሪ!"

ኣሰይ ሓፉረይ!!

መም/ ሚሮን ሃብተማርያም

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፋሃ ተኽለማርያም
ቀ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ዋና/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቀ.ስ 201820(2217)
ፋክስ 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ. 200454 - 07121322

ምልክታ
ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሊድያ ስልጣን
በይሉል ገ/ሚካኤል
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰማያዊት ሓይለኣብ

## ምስለይ ብማንታ ፍረ ብርከይ

13 ነሓሰ 2017

ዳየሪ 7:00 ድ.ቐ.

ክራማት እዩ ነይሩ። ሰማይ ዝዓረገ ትምኒት ባህጊ ፍረ ብርከይ ዝርእየሉ ኣብዞ ዕለት እዚኣ ደወል ሰዓት ግዜኡ ከም ዝኣኸለ ብድምጺ ሞባይለይ ዝሰማዕኩ። ክቱር ሓጎስ ጸይረ ድማ ናብ ሕክምና ኣምራሕኩ።

"ህይወት ናታ መንገዲ ኣሎዋ፡" ወርትግ ዝሰምዓ ብሂል እያ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ዘይብኮር ተፈጥሮ ዝሰረቶ ሓዳድ ጉዕዞ፡ ካብ ኣራት ዝጸንሐ መሳልል እዩ። ዋላ ብዘይ ፍታውካ ብሉጋም ሕማላ ተፈጥሮ ተቐሊስካ ትጋልቦ ጉዕዞ። ትውለድ፡ ትዓቢ፡ ትነብር፡ ትመውት። 'ንሱ ደዩ ንህይወት ናታ መንገዲ ኣሎዋ ዝብሎ፧' ኢለ ንዝበሰይ ሓቲተያ ግን ክትምልሰለይ ኣይከኣለትን።

መዘከረይ ሉሚ ሓደ ነጥበ መቐይሮ ናይ ህይወተይ ክጽዊ ፍቕድለይ። ድሕሪ ዕረፍቲ ዕቋረይ ህይወተይ ከም ኣብ ኣፍ ገበል ዝኣተወት ኩሉ ናይ ምንባር ትልሚታተይ ዓነውነው ኢሉኒ ነይሩ። 'ኣብ ህይወት ኩሉ ክዕጸወካ እንከሎ፡ ሓንቲ ነቓዕ ጨራ ተስፋ ትኸፈተልካ' ትብል ጥቕሲ ኣብ ጉዕዞይ ጎፍ ኢላትኒ። ወዘበ፡ ከምቲ ፈጣሪ ጸድፊ ይፈጥር'ሞ መደያይቦ ኸኣ ይፈጥረሉ ዝብሃል ቅቡል ብሂል እዩ።

ምንባርካ ትርጉም ዘለዎ ክኸውን ባዕልኻ ትርጉም ምስ ትፈጥረሉ'ዩ። ኣብ ናይ ምንባር ሕቶ ግብኣተ-መሬት ኩይኑ ክሳብ ትፍደስ ፍጹም ዘይብኾሩር ተግባራት ወዲሱብ ኣለው። ሓደ ካብኡ ሓረግ ወለዶኻ ናይ ምቕጻል መሰርሕ ተፈጥሮኣዊ ሕጊ'ዩ። ንድሕሪት ተመለሰ ሕሉፍ ዝኽሪታተይ ኣብዛ ዕለት እዚኣ መኽተምታ ናይ ኩሉ ጸበቓን ሕማቓን ጥዑምን መሪርን ህይወት ምዕራፍ ዝገንጸልኩላ ይመስለኒ። ስ ሓሳብ ዕቋር ሕጂ ክዘክሮ እንከለኹ ብሉጽ ከም ዝበረ እዩ። ብሉጽነት ናይ ሓደ ሰብ ወጽኢቱ ኣብ ተግባር ምስ ረኣኻዮ እዩ ዝያዳ ዝፍለጦ።

ኣብዛ ዕለት እዚኣ ማይ እናሃረመ ከሎ መንፈሰይ ኪጾ ሆስፒታል ኦሮታ እዩ ተዓዚሩ ኪይዱ። ኑብስ ጾር ዝኾነት ብዓልቲቤተይ ብውጽኢት ሓሳብ ዕቋር ዝመጽኣትኒ፡ ኣብ ሕሉፍ ፍቕራዊ ህይወተይ መጓዕዝተይ ዝነበረት ትብለጽ፡ ኣብ ቅሉውላው ሕማም ሕርሲ ስለ ዝነበረት እዩ። ትልሚ ሓሳበይ ፍረ ብርከይ ብዓይነይ ክርኢ እዩ ነይሩ። ኩይኑ ግን ዝሓሰቦ ዝበርኩ ካልእ ኣብ ጋህዲ ዓለም ዝረኣኹዎ ድማ ካልእ፣ ማንታ ኣዋልድ እዩ ፈጣሪ ባርኹ ዝመጠወኒ። ምስለይ ኣብ ክልተ ደቂ ሄዋን ርእየዮ። ደስ ዘብል መጀመርታ ሓድሽ ምዕራፍ ህይወተይን ኣብሰርቲ መንኩተይን ስለ ዝኾናኒ እየ ሚሎዲን ሚራክልን ክብል ሰየመ ዝሰባኩወን። ዝወለደ ይተሓጎስ ደዩ ዝብሃል። ሓጎሰይ ስፍሪ ኣልቦ መዕቀኒ እዩ። ሓቂ ክጸውየኪ ደስ ይብለኒ፣ ኩሉ ዕንቅፋታት ኣብ ህይወተይ ቅርዑይ ኣይነበረን። ሰቡት ብዙሕ ብሀሎታት ብድሕረይ ይኾን ብቕድመይ ይብሉኒ ነይሮም። ዋላ'ኳ ኑብሰይ እፈልጣ እንተ ኾንኩ ወረ ሰቡት ግን ጽልዋ ኣካብራይ ዝሓላልኽ እዩ ኩይኑኒ ነይሩ። ፈጣሪ ግን ዓይኒ ሕማቕ ዝምኑ ሰቡት ደፊኑ፡ እኻሆ ብስራታዊ ፍጻመ ኣግዚሙኒ ይርኩቡ።

ሳሚኤል ኪዳነ (ወዲ-ዕቋር) - ግዛ ባንዳ ሓበሻ

## መሞሪ

ክራማት 2017

ዳየሪ ኣስመራ



ክራማት 2017 እዩ። ቁጸራ ስለ ዝበርኒ ካብ ገዛ ክወጽእ እንከለኹ ብርቱዕ ማይ ይዘንብ ነበረ። ጸግዒ ጸግዒ ብምሓዝ መንገደይ ይቕጽል፡ ኩዳውንተይ ብማይ ጀብጃቡ ኣካላተይ ኩትኩት ኩብለኒ ጀመረ። ብላዕሊ ተኣካኺቡ ክውሕዝ ዝጀመረ ውሕጅ ናብ እትደልዮ ቀልጢፍካ ክትበጽሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ወዲኻዩ ዘለኻ ጫማ እዩ ዝውስኖ። ወይ ጫማ ዘይገብሮ ዘይብሉ። ኣብ ከባቢ ሓኪም ዓይኒ ምስ በጻሕኩ ናብ መደበር ዝወስድ ጉደና እዩ። ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብቲ ውሑጅ ኣትየን ክልተ ኣእዳወን ናብቲ ዝውሕዝ ዝነበረ ብምንቋት ዓሳ ዝጅልባ ዘለዋ ደቂ ባሕሪ መሲለን ተራእያኒ። ጸገመን እንታይ ምዃኑ ክፈልጥ፤

"ድሓን ዲኽን፧" ኢለ ሓተትኩወን። ኣብ ኣእምሮይ ዘሎ ስእሊ መቸም ኣይጠፍኣክን ይኸውን፣ 'ክንደይ ግራም ወርቂ ጠፊኡወን ይኸውን' ይብል ነበርኩ። ኣነ'ውን ሓቢረ ንምሕጋዝ እጅገይ ሰብሰብኩ። ንሳተን ግን ጽምዲ ጽምዲ ጫምአን ኣብ ማርሻቤዲ ብምቕማጥ እየን ንጽርግያ ጽሕትር ዘብለኦ ዝነበራ።

"እሞ እንታይ ክሕግዝ፧" በልኩወን። ብማይ ዝጠልቀየ ዝባነን ይኹን ጸጕረን ርእየ፡ ሰብኣዊ ሓገዘይ ከበርክት ዘንቀድኩ።

ሓንቲ ካብኣተን "መሞሪ እያ ጠፊኣትና፡" ምስ በለትኒ ግን ሰሓቐይ ክቈጻጸሮ ኣይከኣልኩን። መሞሪ ያኢ ብኸሎታት እትምዘን ሓጺን ኮይናስ ኣብ ኣነ ዝበለ ውሕጅ ወዲቓ ኮፍ ኢላ ክትጸንሐን።

"ወይ ሱብ ደቀይ፡" በልኩ ብውሽጠይ ንዝውሕዝ ዝነበረ ክሰግሮ ምድላዋት እናገበርኩ። ወየን ክልተ ኣዋልድ ወይከ ንብር ሓሳብ ሓሲበን ጨብረቕ-ረቕ ምባል ክገደፈኦ። 'ኩዳውንቲ ደየን ዝሓጽባ ዘለዋ' እዩ ዝብል ብማዕዶ ዝዕዘበን ሱብ። ንሳተን ግን መሞሪ እዛ ክንዲ ጽፍሪ ናይ ሱብ እትኸውን ካብ ኩብደት ወረቐት'ኳ ዘይትዓቢ፡ ኣብ ዝውሕዝ ዝነበረ ማይ ልክዕ ከም ወርቂ ዝጠፍኣን እጅገአን ሰብሲበን ዝደልያ ዘለዋ። ዋይ መሞሪ ኩብሪ ረኺብኪ።

ኮኾብ ተኸስተ - ሜካ 74



ዝበጽሓና

- ሽማንገስ መንግስ - መቓይሕ
- ቤቲኤል ተወልደ - ግዙባንዳ
- ቢንያም (C.JEY) - ድባርዋ
- ሰመረ ገሄር - ኣስመራ
- መሓሪ ግርማይ - መንደፈራ

# ሸባብ

ሃማመተኤ

# ገጽ ስነበት

## “ኮንሰርት፡ ዓቕሚ፣ ርእሰ-ተኣማንነትን ክእለትን ዘለዎ ዘቕርቦ ምርኢት'ዩ፡”

- ስነ-ጥበበኛ ዮሴፍ ጽገ (ፉርኮ)

*ዮሴፍ ጽገ ባህልቢ ይብሃል። ልዕሊ ስሙ ግን በታ “ፉርኮ” እትብል ሳጓኡ'ዩ ዝፍለጥ። ብ1969 ዓ.ም ካብ ወለዱ ኣቶ ጽገ ባህልብን ወ/ሮ እሙና ደሞዝን ኣብ ኣባሻውል ተወሊዱ። ዕድመ ትምህርቲ ምስ ኣኸለ፡ መባእታ ትምህርቱ ኣብ ቤ/ት እንዳስላሴ (ዕዳጋ ሓሙስ) ፈለሙ። ብምቕጻል'ውን ክሳብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤ/ት ኢብራሂም ሱልጣን (ፔቴን) ተማሂሩ።*

*ገና ብህጻንነቱ ንዝፈልጥዎ፡ ኮኾብ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ክኸውን'ዩ ነይሩ ትጽቢቶም። ወርተግ ካብ ገዛውቱ ካብ ኵዕሶ ተፈልዩ ዘይረአ ቈልዓ ብምንባሩ። ብንጣር ቈልዒ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ግን ድጉል ተውህቡኡ ዘገንፍል ክስተት ገጢምዎ። ካብ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ፡ ናብቲ ንኣስታት ሰላሳ ዓመታት ዘሳለዮ ዓውዲ ስነ-ጥበብ ዘሊሉ፣ ሙዚቀኛ ዮሴፍ ጽገ (ፉርኮ)። ውሁሉል ተሞክሮታቱ ክካፍለና፡ ጋሻ ሰንበት ጌርናዮ ኣለና፣ ግርም ጻንሒት ንብል።*

*** ሃንደበት ካብ ስፖርት ዓለም፡ ናብ ሙዚቃ ዓለም ዝወጠጠካ ክስተት እንታይ'ዩ ነይሩ፤**

- ነጥቢ መቐይሮ ናይ ህይወተይ ዝኾነት መዓልቲ'ያ ዝብላ። ኣስመራ ባንዲ ኣብ ሲነማ ኣዝመራ ምርኢት ኣለዎም ምስ ሰማዕኩ፡ ምስ መተዓብተይን ደቂ-ገዛውተይን ምርኢት ክዕዘብ ኢለ ከይደ። ምርኢት ምስ ተጀመረ ድራመር ናይ ኣስመራ ባንዲ ቀልበይ ክሰልብ ግዜ ኣይወሰደሉን። ህርመቱን ወኒ ዝበለሎ ምንቅስቓሱን ምሩኾ ገይሩኒ። በቃ ቡታ ሓንቲ መዓልቲ ዝረኣኽዎ ከም ዳኒኤል ላይፉ ድራም ክጻወት ክቱር ተርባጽ ሓዲሩኒ።

*** ተርባጽካን ተመስጦኻን ንምርዋይ እሞ እንታይ ስጉምቲ ወሲድካ፤**

- መጀመርታ ናይ ኵዕሶ ጫማይ ሰቒለዮ። ኣብቲ እዋን እቲ ‘ከመይ ገይረ ድራም ይጻወት’ ኢለ ንብዙሓት ፈለጥተይ ከጣይቕ ጀሚረ። መምህር ፍስሃየ ኣረጋይ ከም ዝምህር ሓቢሮምኒ። ኣይደንጎኹን ኣብ ሓጺር ግዜ ንስድራይ ኣእሚነ ተቐላጢፈ ተመዝጊበ። ንወርሒ ሳላሳ ብር እናኸፈልኩ ንሽዱሽተ ወርሒ ድራም ተማሂረ ብሰርቲፊኬት ተመሪቐ።

*** ድሕሪ ምምራቕካ ጉዕዞኻ ናበይ ቀጺሉ፤**

- ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ንትምህርተይ ዝድርዕ ኣጋጣሚ ኣብ ከባቢ ገዛውተይ ረኺበ። ገዛውትና ን/ዞባ ኣኽርያ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብከፍተኛ 8 ዝበሃል ዝነበረ፡ ምሉእ ናይ ባንዲ መሳርሒ መዚቃ ስለ ዝመጽኦ፡ ምስኦም ጀሚረ። ሽዑ'ውን ብመንገዲ ቺፋ ማስተር ነጋሽ ንሽዱሽተ ወርሒ ተማሂረን ተጻዊተን።

*** ናብቶን ናይ ሽዑ ባንድታት ንምጽንባር ዝነበረ ጉዕዞኻ፤**

- ኣነን መተዓብተይን ምስ ደቂ ሰምበል ሰንበት ሰንበት ኵዕሶ ንጻወት ስለ ዝነበርና፡ ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ብ21 ክ/ጦር ዝፋለጡ፡ ኵዕሶ ምስኦም ክጻወት ይሓቱኒ ነበሩ። ኣነ ግን ፍቓደኛታት እንተ ኾይኖም ምስታ ናቶም ባንዲ ድራም ክጻወት እሓቶም። ከም ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ እምበር ከም ሙዚቀኛ ስለ ዘይፈልጡኒ፡ ጋኑ። ፈቲኖምኒ። ሰንቢዶም። ቀጺሎ ክላማመድ ኣፍቂዶምለይ። ናቶም ኣባል ዝነበረ ኣበበ መኮንን ዝበሃል፡ ኩቱር ባህጊ ከም ዘለኒ ተረዲኡ ንኣርባዕተ ወርሒ ምሂሩኒ። ሽዑ ኣብ ላይፍ ድራም ጽቡቕ ምልክት ኣጥሪ'የ። ብመንገዲ ሞክርያን ሳልባቶረን ናብ ኣስመራ ባንዲ ክጽንበር ሕቶ ቀሪቡለይ፣ ዓይነይ ኣይሓሰኹን ተጸንቢረ። ኣስመራ ባንዲ ብምኩራት ስነ-ጥበበኛታት ደቂ ኣስመራ ዘዕለቕለቐት ባንዲ'ያ ነይራ። ጸሃይነሽ (ተባዕታይ)ን የማነ ዝበሃሉ ክልተ ድራመራት ጸኒሖሙኒ። ክገርመካ ጸሃይነሽ (ተባዕታይ) ጓል ኣንስተይቲ ድራመር እያ። ክሳብ መላእ ሓርነት ኤርትራ ድማ ኣብ ኣስመራ ባንዲ ጸኒሐ።

*** ጉዕዞኻ ድሕሪ ናጽነት ናበይ'ዩ ነይሩ ኣንፈቱ፤**

- ድሕሪ ናጽነት ኣብ ትሕቲ ሃ.ማ.መ.ኤ (ናይ ሎሚ ሃማመተኤ) ኣብ ጽላሎም ሓንቲ ባንዲ መስሪትና። ሸባብ ባንዲ ትብሃል። ኣነ ዝርከቦም፡ ካሕሳይ ዓሊ፡ ቢንያም ገ/ክርስቶስ፡ ዳዊት (ኣዛን)፡ የማነ (ወዲ ተብርሀ)፡ ዝርከብዎም መዚቀኛታትን ካልኦት ደምጻውያን ብምዃን ኢና።

ኣብ ሸባብ ንገለ ኣዋርሕ ምስ ተጻወትኩ፡ ኣስመራ ባንዲ ኣብ ዳግማይ ምስረተኣ ምስኣ ተጸንቢረ ክጻወት ጀሚረ። ካብ ኣስመራ ባንዲ ብጥሪ 1993 ኣብ ኣዱሊስ ባንድ ከም ግዜያዊ ደሞዝተኛ ንሓደ ዓመት ሰሪሐ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ግን ኣብ መጀመርታ 1994 ኣብ ኣዱሊስ ባንድ 20 ሽሕ ብር ከፊለ፡ ብዓል ብርኪ ኮይነ ከም ቀዋሚ ኣባል ክሰርሕ ጀሚረ።



*** ገዚእካ ክፈልካ ንኽትጽንበር፡ ማለት ካብ ደሞዝተኛ ናብ ብዓል ብርኪ እቲ ድርኺት እንታይ'ዩ ነይሩ፤ ወደስ ኣብ ሞንጎ ግዜያዊ ኣባል ምዃንን ቀዋምን ዝነበሮ ሓለፋታት እንታይ ስለ ዝነበረ'ዩ፤**

- ብቐንዲ ስጥመትን ጥርናፈን ኣዱሊስ ባንዲ፡ ጽቡቕ ኣቦት ናይ ወህደት ዝበረ ጥንዲ'ያ፡ ኣቡቲ ግዜ'ቲ ጥንድታት ናተን ውሽጣዊ ሕጋጋትን ቅዋምን ነይረወን'ዩ።



ኩሉ ብስርዓትን ብመደብን'ዩ ዝኸይድ ነይሩ። እዝን እቲ ናይታ ባንዲ ወህደትን ናይ ስራሕ መደብን ብሉጽ ኮይኑ ስለ ዝረኸብክዎ'ዩ ገዚእ ከፊለ ቀዋሚ ኣባል ክኸውን ወሲነ።

*** ምስዚ ሕጂ ሎሚ ዝረአ ዘሎ ቡብወገንካ ማለት ብዙናጽል ስርሓትካ ምፍራይን ብማሕበር ወይ ባንዲ ተጸንቢርካ ምስራሕን ዘለዎ ፋሉይነትን ኣሉታዊ እወታውን ሸነኻቱ ከመይ ትገልጾ ብወገንካ፤**

- እቲ ዝበለጸ ርሒብ ጥቡቡ እሞ ድማ ነባሪ ስራሕ ዝፈርዮ ብጉጅለ ወይ ጥርናፈ ክትሰርሕ ከለኻ'ዩ። ጥርናፈ ሓይሉ'ዩ'ኳ ዝበሃል። ብዙናጸል ብዘይ ወህደት ትሰርሕ እንተ ኾንካ ንሓደ ከቦርድ ‘እዘአ ግበሩ’ ትብሎ፣ ንሱ ኸኣ ሰፍዩ ብዓል መንጾም ክጻወቱዎ ኪይፈለጠ ቦታ ገዲፉ ይዕዝር። ኩሉም ኣብታ ስራሕ ዝተሳተፉ ተሓቲማ ምስ ወጽኣት'የም ዝላለ'ዩ። ዘገርም'ዩ ኣይትናበብን ኢኻ፡ ተሞኩሮኻ ርእይቶኻ ኣይትህብን ኢኻ፡ ተጠርኒፍካ ብባንዲ ደዩ ብጉጅለ ክትሰርሕ ከለኻ ግን ካብ ኢንትሮ ጀሚርካ፡ ዋላ እቲ መሰጋገሪ ብርጅ፡ ብቐንዱ'ውን ብሜሎዲ (ዜማ) እናተማያየጥካን እናተማላላእካን ስለ እትሰርሖ፡ ብሉጽ ስራሕ ከም ትሰርሕ ርጉጽ'ዩ። ናይ ቀደም ስራሓት ብሉጽነቱ'ኮ ናይ ብዙሓት ሰባት ርእሲ ስለ ዝረሰሰ'ዩ ምስ ተፈታውነቱ ዝቕጽል ዘሎ። ንጹር ኣብነት ክህበካ ኣብ ሜዳ ዝፈርዩ ዝነበሩ ደርፍታት ንርአዮም። ንሓንቲ ግጥሚ ክንደይ ሰባት ኢዶም ይሕውሱላ፡ ንሓንቲ ዜማ ክንደይ መዚቀኛታት የዋህድዎ ነይሮም። ብኸምኡ መንገዲ ስለ ዝፈረየ'ዩ ቀሰቃሲ ነይሩ፣ ይነብር ኣሎ፣ ገና'ውን እንክትሰምዖ ዝምና ኣይኮነን። ሓባራዊ ስራሕ ምስራሕ እቲ ዝዓበየ ብልጫ ዘለዎ ጥቡብ'ዩ።

*** ናብ ድሕሪት ክመልሰካ፤ ቀደም ዝነበራ ባንድታት ዋላ እተን ቀዳሞት ከም ብዓል ማትአ ቀጺለ'ውን ከም ኣስመራ ባንዱ፡ ኣዱሊስን ካልኦትን ሓይለን ኣብ ኮንሰርት እዩ ነይሩ። ዘቕርብኦ ምርኢታት ብግዜ ቀትሪ'ሞ ድማ ንኹሉ ክሊ ዕድመ ዘሳትፍ ምርኢት። ሎሚ ግን ካብ ኣብ ሲነማታትን ካልእን ዝቐርብ ኮንሰርት፡ ኣብ ለይታዊ ትልሂታት'ዩ ዝበዝሐ ዝቐርብ ዘሎ። ብልጫታት ኮንሰርት እንታይ'ዩ ነይሩ፤ ምስ ናይ ሎሚ ኣብ ለይታዊ ትልሂታት ዝቕርብ ምርኢት ብምንጽጻር፤**

- ኮንሰርት'ኮ ዓቕሚ፡ ርእሰ-ተኣማንነትን ክእለትን ዘለዎ ዘቕርቦ ምርኢት'ዩ። ብርግጽ'ዩ ብጉጅለ ባህልታት ስርሒታትን ባህልታት ባህላዊ ጉዳያትን ውሑድ ይብል ኮይኑ እምበር ይቐርብ'ዩ። ኮንሰርት ንስነ-ጥበባዊ ዘብልሕን ፈታንን መደብ'ዩ። ከም ለይታዊ ትልሂት ኣይኮነን። ንዘይሰኽረ ሰብ ክተርኢ'ኮ ትምዝን ኢኻ ዘለኻ። እቲ ተዓዛቢ'ውን ምሳኻ'ዩ ብዕምቈት ዘስተማቕሮ። ንዘሰኽረ ሰብ ኣብ ለይታዊ ትልሂት ክተቕርብ ከለኻ፡ ንሱ ንመስተን ምሳኻ ዘሎ፣ ብዘይ ሕብእብእ ንሰኻ ድማ ንረብሓኻ፣ ዘራኽበካ ሓዲድ የለን። ኮንሰርት ሕጂ'ውን ብመደብ ተታሒዙ ክሰርሓሉ ዘለዎ ግሩም መደብ'ዩ። ኣብ ኣዱሊስ ባንድ ከለና'ኮ ዓርብን ቀዳምን ኣብ ሞካምቦ ንጻወት ኔርና ኢና። ግን ከምቲ ኣብ ሲነማታት ንጻወቶ ዝነበርና ቡዳሂ ኣይነበረን።

*** ናብ ላይፍ ድራም ክመልሰካ፤ ብዘይ ሃልኪ ፕሮግራም ብምምባር ጥራይ ንሓደ ድራመር ተክእ ስለ ትሰርሓልካ ድራም ማሽን ንላይፍ ድራም ተኪኣቶዶ ትብል፤**

- ብፍጹም ኣይተተክኣቶን። እኳ ደኣ ሓደ ዓቢ ሃጓፍ ፈጢሩ ንላይፍ ድራም ኣጥፊኣቶ። ኣብ ሃገርና ምስ ምምጻእ ድራም ማሽን'ዩ ኣብ መዚቃ ሃገርና ዓቢ ሃሰያ መጽኡ። ንጹር ኣብነት ክህበካ፡ ሓደ ድምጻዊ እናደረፈ ከሎ “ቢት” እንተ ተገምጠሉ፡ ድራመር የሰን'ዮ እንተ'ሎ “ሩሎ” ገይሩ ተገምጠሉ ክኣትዎ ይኽእል'ዩ። ኣብ ድራም ማሽን ግን ኣጥፊእካ ጥራይ ኢኻ ከተእትዎ። ወይ ኑቲ ስማዒ ግምጣል መዚቃ ኢኻ ከተሰምዖ።

*** ኣዱሊስ ባንድ ድሕሪ ብጥርንፉ ንሳዋ ምውራዱ ተመሊሳ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማመተኤ “ሸግ-ጀጋኑ” ብዝብል ሰይመ'ያ ዕዮኣ ክተቕርብ ጀሚራ። ጉዕዞ ሸግ-ጀጋኑ ከመይ ነበረ፤**



- ብ1998 ኣብ ትሕቲ ማሕበር ከለና፡ ኣይጸንሐን ወራር ወያነ'ዩ ኣጋጢሙ። ሽዑ ቀንዲ ኣተኩርናን ዑደታትና ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብሸግ ጀጋኑ ዝፈርዩ ዝነበሩ ሃገራውያን ዜማታት ኣብ ሰራዊትን ህዝብን ጽቡቕ ተቐባልነት ነይርዎም። ሸግ ጀጋኑ ወፋያት ስነ-ጥበባውያን ጠርኒፉ ነይራ። ብቐንዲ'ውን ገዳይምን መኩራትን፤ ስውእ መም/ኣልኣሚን ዓ/ስጢፍ፡ መሓመድ ዑስማን፡ ካሕሳይ በርሀ፡ ኣበበ ሃይለን ካልኦትን ዘለውዋ'ያ። ሸግ ጀጋኑ ስጠምትን ወህደትን ጉጅለ ኢለ'የ ዝገልጾ።

*** ኣብዚ ሕጂ እዋን ምስ ሃገራዊ ባህሊ እተቕርብ ስብራት ድርበካ ሒዝካ ክትጻወት ርእየካ ኣለኹ። ካብ ላይፍ ድራም ናብ ድሩብካ ሰጊርካ ብመደብ ዝነበርካዮ ድዩ፤**

- ላይፍ ድራምን ድሩብካን ዝቀራረባ ኣዝማደ'የን። ሓደኣን ተመሊኽካ እታ ሓንቲ ክትጻወት ብዙሕ ተሸግር ኣየትኮትን። ድሕሪ ሸግ ጀጋኑ ላይፍ ድራም ብድራም ማሽን ምስ ተዓብለለ፡ ኣድላይነት ላይፍ ድራም እናተረፈ መጺኡ። ኽዚ ዝተዓዘበ መምህር መዚቃ መሓመድ ሳልሕ ሓንቲ ጉጅለ ከቕቅመም ተበግሶ ወሲዱ። ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝኸውን ጽቡቕ ምስ ከድና ንዓይን በረቐን ናብ ስብራት ክንጽንበር ደብዳቤ ተላኢኹልና። ኣብ ትሕቲ ጽላል ባህላዊ ጉዳያት ስለ ዝነበርና፡ ኑቲ ዕድመ ተቐቢልና ካብታ ባንዲ ናብ ስብራት ሰጊርና። ኣብ ስብራት'ውን ብዙሕ ኣይተጋየሽናን። ምስቲ ቀጻሊ ንጥፈታት ዝጸንሓና ክንወሃሃድ ኣደንጎናን። ንኣስታት ሸሞንተ ዓመታት ድሩብካ ሒዘ ክስዕ'ዛ ሰዓት ምስ ስብራት እሃጥፍ ኣለኹ።

*** ፍልይ ዝበለት ሕቶ ኣላትኒ፤ ሰብት በቲ ንኣስታት ሰላሳ ዓመታት ዝተጻወትካ'ያ ድራም'የም ዝፈልጡኻ፣ ጉድኒ ጉድኑ ግን ከም ደምጻዊ ከም ትሃጥፍ ሰሚዐ። ውድእቲ ኣልበም'ውን ኣላትካ ሰሚዐ። ወኒ ምድራፉ መዓስ'ዩ ክፈልቕ ጀሚሩ፤**

- ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ላይፍ ድራም ሒዘ ይደርፍ'የ። ንደርፊ ዘፋልቕ እቲ ናይ ድራም ወኒ'ዩ። ኣብ ወራራት ወያነ ሰለስተ ኑቲ ኩነታት ዝገልጻ ደርፍታት ኣፍሪ'የ። እታ ምስ ህዝቢ ብመሳኹቲ ተለቪዥንን ዘላለየትኒ፡ ካሕሳይ በርሀ ዜማ ዝበረለይ “ድንግል መሬተይ” ትብል ንጽል ደርፊ'ያ። ንማሕበራውን ፍቕራን እትገልጽ ኣልበም ካብ ዘዳሉዋ ነዊሕ ገይራ ኣላ። ፋይናንሳዊ ጸገማት እንተ ዘይኮይኑ፡ ብመልክዕ ቪደዮ ክሊፕ ኩዳልዋ ቀሪብ'የ። ኣምላኽ ይሓግዘ ሓሳበይ ክስምረለይ።

*** ብዓል ሓዳር ዲኻ፤**

- ብርግጽ ብዓልቲ ቤተይ ለተብርሃን ምስዮና ትብሃል። ብ1997 ተመርዒና ሸውዓተ ወሉድ ድማ ኣለውና።

*** ብዘይ ናተይ ሕቶ ንዓኻ ዕድል እንተ ዝሀብ፤**

- ከመስግን ምደለኹ። ንስነጥበበኛታት ድራመራት ክሳብ ሕጂ ዝተሓጋገዙኒ ነጊረኣብ ሃብተ (ወዲ ሻውል)፡ ሚካኤል ተኽለ፡ ከምኡ'ውን ባርናባስ መብራህቱ ኣመስግን። ኣብዚ ክዘርዝሮም ንዓይ ዝተሓጋገዙኒ ብዙሓት'የም፣ ብጥቕልሉ ግን ንኹሎም ኣብ ጉድነይ ንነዊሕ ዓመታት ዝተሓጋገዙኒ ስነ-ጥበበኛታት፡ ስድራቤተይን መተዓብተይን ኣመስግን።

*** ብወገና ንቐጻሊ ጉዕዞኻ ሰናይ'ዩ ንምነየልካ፤**

- ኣነ'ውን ብልቢ ኣመስግነኩም።

***

ሳምኤል ኪዳነ (ወዲ-ዕቋር)

# [illegible]

85 ክፋል

ካርመል፡ ኣብ ናይ ሻሂ ርክቦም ምስ እስራኤል፡ እታ ዝተረከበታ ደብዳበ ሒዟያ ኣብ ቈጸራ ተረኽበ፡፡ እስራኤል ንፍቕርም ኣመልኪቱ ከዕልል ከም ዘይመጽአ፡ እቲ ኩነታት ቅጭ እናምጽኣሉ፡ ንታ ደብዳበ ገንጺሉ ረኣያ፡፡ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ጸገማት ብዛዕባ ፍቕርም ከዕልሉ ብዘይምኽኣሎም ኣዝዩ ጉሁይ ነበረ፡፡ እቲ ዝያዳ ዘጕሃዮ ግና ከዕልሉ ዘይምኽኣሎም ኣይነበረን፡፡ ናህ ደብዳበ ክጽሕፈሉ ሓቲትዎ እስራኤል'ውን ተሰማሚዑ ክሎ፡ ናህ ንዕኡ ከይሓበረ ሃንደበት ስጕምቲ ምውሳዱ ገለ ምስጢር ከይህሉ ኣጠራጢርዎ ነበረ፡፡ ኑቲ ጉዳይ ናብ ከምኡ ደረጃ ከም ዘምርሐ ዝነበረት ድማ ብዘይካ ዛይድ ካልእ ክትህሉ ከም ዘይትኽእል ምንም ጥርጣረ ኣይነበሮን፡፡ 'ኣብኣ ትረኽብ!' ሓንሓነ ምስ ወሸጠ፡፡ 'ንሓዋ እንተዘይሓልያ ኣነ እንታይ ገዲሰኒ፡፡ እምበር ሕጂ ዝመጽአ እንተመጽአ ንድሕሪት ዝምለሰሉ ምኽንያት የለን፡፡ ክትፈልጥ ድማ ንካርመል ክገድፈሉ ኣይኮንኩን፡፡"

"ባዕሉ ጽሒፍዎ ትብል?" ሓተተት ካርመል ኣብ መንጎ ሓሳቡ ኣትያ፡፡ ካልእ ጉዳይ ዝተቐበለታ ደብዳበ መን ከም ዝጸሓፎ ክተረጋግጽ ምሕታታ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ጥርጣረ ስለ ዝነበራ'ዩ፡፡ እስራኤል እምበር ካልእ ዝጸሓፈሉ ይመስል ኣይነበረን፡፡

እስራኤል ንዘቐረበሉ ሕቶ ከይመለሰ ኣብ ሓሳብ ኣትዩ ኑታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት ናይ ናህ ደብዳበ ደጋጊሙ ጠመታ፡፡ ኣብኣ ቃላት ገለ ምስጢር ዝረክብ ክመስል ድማ ተሃኒኑ ኣዒንቱ ኣዕለለላ፡፡ ናህ ኣብ ጽሑፍ ዘለዎ ዓቕሚ ከመይ ምዃኑ ስለ ዘይፈልጥ ግን ባዕሉ ደዩ ጽሒፍዎ ኣይጽሓፎን ኣብ መደምደምታ ክበጽሕ ኣይከኣለን፡፡ ስለዚ ናይ ካርመል ሕቶ ንሱ፡ "ኣብይ'ያ ጸሒፋትኪ?" ብምባል ሓተተ፡፡ ናህ ከምቲ ንኡዮም ዝነበርዎ ብምስጢር ብሰብ ገይሩ ኣብ ኢድ ካርመል ከም ትበጽሕ ገይሩ ከይከውን ጥርጣረ ነበሮ፡፡

"ከም ቀደሙ ብማዕጾ ኣስሊኹ'ዩ ገዲፉለይ፡፡ ብመን ከይሰደለይ ኢኻ ተጠራጠርካ?" ኣብ ገጹ ዝረኣየቶ ስምዒት'ዩ ከምኡ ኢላ ክትሓትት ደረኾዋ፡፡ "ናይ ጽሑፍ ክእለት ኣለዎ ደዩ ናህ?" ሓተተት ኣቓዲማ ዘቕረበቶ ሕቶ ከም ዘይተመለሰ ከይረስዐት፡፡

"እንተዝህልዎ ኣነ ኣይምጸሓፍኩሉን ነይረ፡፡ ገለ ሰባት ግና ዝለዎም ዕቑር ዓቕሚ ዘይፈልጡ ኣለዉ፡፡ ግና ኣብ ደብዳብኡ ገለጻዎ ከም ዘሎ ገለ ሓገዝቲ ከም ዘለውዎ ሓቢሩ ኣሎ፡፡ ንሱ ዝበሎ እንተወሲድና ክሓይሽየ፡"

ደብዳበ እናገላበጠ መለሰ፡፡

"ኣነስ ንሸኻ ዝጸሓፍኩሉ መሰሉኒ ነይሩ፡፡ ባዕሉ እንተዘይሕበረኒ'ውን ካብ ከምኡ ግምት ኣይምወጻእኩን፡፡"

"ኣንቲ ካርመል!" ከምኡ ምሕሰብ ኣቓጥዩ፡፡ "ትማሊ ናይ ምሽትዶ ኣይኮናን ብዛዕባ ክንዝርርብ ዝጕዕዝና ተዘራሪብና፡፡ እንታይ እዋኒይ ደኣ ክጽሕፈሉ ኢልኪ ትሓስቢ?"

"ደረስቲ ኩሉ ይከኣለኩም'ዩ ኢለ ሓሰብ፡፡" ኑቲ ዕቱብ ዘረባ ናይ ዋዛ ቀይራ መለሰትሉ፡፡ "ኣብ ልዕለኻ ዝነበሮ እምነት ስለ ዘጥፍአ ደዩ ከምኡ ገይሩ?" ናብ ካልእ ሕቶ ሰገረት፡፡

"ኣይመስለንን!" መለሰ እስራኤል ንዝመጽኦ ሓሳብ እናሰላሰለ፡፡ እቲ ሓሳብ ዋላ'ኳ ንካርመል ክነግራ ዘይደለ እንተኾነ፡ ናህ ተገዲሉ ፈሊጡ በይናዊ ስጕምቲ ክወስድ ተገዲዱ ከይከውን'ዩ ዝጠራጠር ነይሩ፡፡

"እንታይ ደኣ ኩይኑ? ምናልባሽ ዛይድ፡ ኣሃን ንሸኻን ዝምድና ምጅማርና ነጊሩዎ ከይትኾውን" እቲ ኣብ ሓሳብ እስራኤል ዝነበረ ኣብ ሓሳብ ካርመል ከም ዝነበረ'ውን ኣረጋገጸትሉ፡፡

"ህድእ ኢልና ክንርእዮ ይሓይሽ፡ " ኢሉ ድሕሪ ምምላስ ኣዕሚቑ ብምስትንፋሱ፡ "ግና ከይጀመርና ማሳኣኽልዶ በዚሓምና?" ብምባል ኣርእስቲ ቀየረ፡፡

"እንታይ'ሞ ክንገብር ኢና?" ካርመል'ውን በቲ ዘጋጠሞም ዝነበረ ማሳኣኽል ተሰኪፉ ምቑራጻ ስምዒታ ኣረጋገጸሉ፡፡ "እስራኤል ኣነ ሓደ ፍሉይ ሓሳብ ኣለኒ፡"

"እንታይ'ዩ ንሱ?" ኣብ ስግኣት ተሸሚሙ ሓተታ፡፡ እቲ ፍሉይ ሓሳብ ዝበሎቶ ንዕኡ ዘርብሕ ከይከውን'ዩ ስግኣት ሓዲርዎ፡፡ ፍቕሪ ካብ ዝጀምሩ ንደሓር ብፍላይ ብዛዕባ ናህ ብዙሕ እዋን ኣይተሰማምዑን፡፡

"ንናህ ብግልጺ ዘይንሕብሮ፡" ከምቲ ዝገመቶ ካብ ዝፈርሖ ኣይወጸን፡፡ "ምኽንያቱ ተሓቢእና ክንሕብኦ ንኽእል ኣይመስለንን፡" ተሰኪፋ ከም ዝቑረጸት ኣረጋገጸትሉ፡፡

"እሞ ምሳይ የለኽን!" ቀለጭ በለ፡፡ ካርመል፡ እቲ ዝመጽእ ሽግር ምንም ከም ዘይከውን ከይሓሰበት ሃንደበት ዘረባ ምስንዳዋ ኣዝዩ ኣሕረቖ፡፡ "ናህ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዘሎ ግና ዘይተረድኣኪ እንተኾንኪ ደሊዪኪ ግበሪ!" ዘረባኡ ሓላፍነታዊ ኣይነበረን፡፡ ካብ ተሰኪፉ ምቑራጽ ዝተላዕለ'ዩ ከምኡ ዝበለ ነይሩ፡፡

"እሞ ሕቶ እኳ'የ ኣቕሪበልካ እስራኤል!" ቁጠዐኡ ባህ ኣይበላን፡፡

"ኣሚንኪ እኳ'ዩ ናባይ መጺኡ፡፡ እዚ ገጢሙና ዘሎ ጉዳይ ካብ ከልና ወጺኡ ዝኸውን'ዩ፡ ንዓይ ድማ እብ ሕሱበለይ፡"

## ገያሺት ልቢ

ብብንያም ፍስሃጽዮን

"ትብሎ ዘለኻ ኣይተረድኣንን፡፡ ኣሃን ንሸኻን ሓቢእናዮ ክሕብእ ይኽእል ደዩ ዝበል ሕቶ ድማ ክንምልሶ ኣለና፡፡ ዛይድ ብዛዕባ ዝምድናና ፈሊጣ ኣላ፡፡ ንሓዋ ኣይትነግሮን'ያ ዝበል እምነት እንተለካ ኣእምሮኻ ጥዑይ የለን፡"

"ኣይትነግሮን'ያ ዝበል እምነት'ዩ ነይሩኒ፡፡ ሕጂ'ውን ካብዚ እምነት'ዚ ኣይወጻእኩን፡፡ ንዓይ ክትብል ዘይኮነት ንሓዋ ክትብል እዚ ጉዳይ ከም ምስጢር ክትሕዞ ትኽእል'ያ፡" ካብ ግምት ከይረሓቐ መለሰላ፡፡

"ኩሉ በቲ ንሸኻ ትሓስቦ ክኸይድ ይኽእል ደዩ እስራኤል?" እስራኤል ንሕቶኣ ኣይመለሰን፡፡ "ዝኾነ ኩይኑ እቲ ዝኸውን ንጸበዮ፡"

***

"እንታይ ደኣ ዝን ኢልካ? እቲ ዝወሰድናዮ ስጕምቲ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ጸቡቕ'ዩ ነይሩ፡፡ ክሳብ መጸ ንእስራኤል



ጸሓፊለይ ክ ት ብ ሎ ክትነብር ኢኻ? . . . እንተጸሓፊልካ'ውን ከም ስምዒትካ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ፡"

"ገለ ገለ ዘጸድሊ ምጽሓፊይ እንድዩ ኣብ ጣዕሳ ሸሚሙኒ፡" ንእለት ብዛዕባ እቲ ዝጸሓፎ ደብዳበ ጣዕሳ ተሰምዖ፡፡

"ዘሰከፈናን ንካርመል ሕማቕ ስምዒት ዝፈጥር ጽሑፍ ኣይጸሓፍናን፡፡ እቲ ደብዳበ ሓንሳብ ዝጸሓፍናዮ ኣይኮነን፡፡ ሰለስተ ግዜ ኣንቢብና ዝቕየር ቀይርና ተመያይጥና ኢና ሰዲድናዮ፡፡ ኣነ ብወገነይ ሕማቕ ዝጸሓፍና ኣይመስለንን፡" ኣረጋገጸትሉ፡፡

"ብዛዕባ ደብዳብኣ ገለ ነቐፌታ ጽሒፍና ኢና፡፡ ንኣብነት ካብቲ ብዙሕ ዝዘከሮ 'ዝጸሓፍክለይ ደብዳበ ንዘለኪ ምስልን ቁንጅናን ፍጹም ዘህሰየ' ትብል ምሉእ ሓሳብ ዝርዕዩ ኣይኮንኩን፡"

"እሞ ከምኡ ክትብሃል ከም ዘለዋ ተረዲዳእና ዝገበርናዮ እንድዩ፡፡ እንታይ ደኣ ሃብታም ስለ ዝኾነት ኑዮም ድኻታት ዝመስልናያ ክትተሸምሸና ኣለዋ ደዩ? . . . ሰብ ክብሪ ከም ዘለዎ'ውን ሓብርናያ ኣለና፡፡ እዚታት ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን፡፡ ክትፈልጥ ድማ ዝሰመዓካ ስምዒት ክትሕብራ ክትክእል ኣለካ፡፡ ሕጂ ተሓቢእካ ጸባሕ ንግሆ መን ይፈልጥ ካርመል ሕራይ እንተበለትካ ዘልኣለም ስምዒትካ ሓቢእካ ዲኻ ክትነብር?" ናህ ርእሱ ኣድኒኑ'ዩ ዝሰምዓ ነይሩ፡፡ ሓሳቡ ምስ ሓፍቱ ዘይኮነ ካርመል ደብዳብኡ ምስ ኣንበበት ዝሰመዓ ስምዒት'ዩ ዘሕስቦ ነይሩ፡፡ "ክብሪ ከም ዘለካ ካብ ሕጂ ኣትሒዛ ክትፈልጠካ ኣለዋ፡፡ ኣዋልድ ክብሪ ዘለዎ ወዲ ኢና ዝያዳ እንመርጽ፡፡ ሰብ ኣፉቱ ደምጺ እንተለዎ'ዩ ድማ ክብር ኩይኑ ዝነበር፡፡ እንታይ ደኣ ክንብሎ ነይሩና? . . . ጌጋእ ከይሓብርና ናይ ወደሳ ደብዳበ ክንጽሕፈላ? . . . ከምኡ ምግባር ንርእስና ኣሕሲርና ዋላ ንዓእ ኣብ ጌጋ ስምዒት ከም እትኣቱ ምግባር'ዩ፡፡ ኣነ ብወገነይ እቲ ዝጸሓፍኩ ኢና ጽሒፍና በሃላይ'ዩ፡" ኣረጋገጸትሉ፡፡ ድሕሪ ነዊሕ ክትዕ'ያ ምስእ ኩይኑ ደብዳበ ክጽሕፍ ኣእሚናቶ፡፡ ከምኡ መገበርኡ ድማ ካብ ጸግዕተኛ እስራኤል ክተውጽኦ ስለ ዝደለየት'ያ፡፡ እንተኾይኑላ ምስ እስራኤል ዘለዎ ርክብ ክትብትኮ'ያ እትደሊ፡፡ ምኽንያቱ እቲ ምስጢር ፈሊጣቶ ስለ ዝነበረት፡፡

"ንእስራኤል ክሰግሮ ነይሩኒ ዛይድ!" ኣ ቖ ዲ ሙ ዘይሓሰቦ ሽው ስክፍታ ዝፈጠረሉ ጉዳይ ከልዕሎ ተገደደ፡፡

"ኣንታ ናህ ሓወይ እንታይ ኴንካ ኢኻ!" ክምስታ ኣሰኒያ ጠመተቶ፡፡ "እስራኤል ደኣ ወሸለ ባዕልኻ ጽሒፍካ ሓጊዝካዮ፡፡ ንኣዋርሕ ከም ዘድከምካዮ ኣይርድኣካን ደዩ? ማይ ድማ ኣይሓለፎን፡፡ ምስ ደንጎኻ ክፍትን ኢለ ባዕለይ ክጽሕፍ ምስ ተበገስኩ ጸቡቕ ጽሑፍ መጺኡለይ ኢልካ ተረድኣ፡፡ ከይሓሰብካዮ ደረሰ. ክትከውን እንታይዶ ተረፉካ'ዩ!" ሰሓቐት፡፡ "እስራኤል ካብዚ ናትና ንላዕሊ እንታይዶ ጽሒፉ ክኸውን'ዩ? ደብዳበታቱ ኣይረኣኽዎምን'ምበር ካብዚ ናትና ዝበልጽ ኣይመስለንን፡፡ እንተበለጸ ድማ ከም ንብር ንወስዶ፡፡ ንሱ ደረሲ'ዩ ንሕና ግና ጀመርቲ ናይ ደብዳበ ጸሓፍቲ ኢና፡"

"ዝኾነ ኩይኑ ብኣካል ከይደደ ክሕብሮ ዋላስ ብምባይል?"

"ብኣካል ኬድካ ሓብሮ፡፡ ከምኡ ዝሓይሽ እመስለኒ ኣነ፡፡ ድሕሪ ሕጂ ባዕልኻ ክትጽሕፈላ ምዃንካ ድማ ኣረጋግጸሉ፡፡ ደጊም ናብኡ ከይድካ ክትልምን ከም ዘይኮንካ ፍለጥ፡፡ ኣነ ከም ዝሓገዝኩኻ ግና ከይትነግሮ፡"

"ክነግሮ'ዩ፡ እዚ ደኣ እንታይ ኩይኑ'ዩ ዝሓብኦ፡"

"ስምዒ እንዶ ናህ ሓወይ፡ ንሓበሻ ከም እትኣምን እብ ንሽሉ ኣረጋግጸሉ፡፡ ኣነ ከም ዝሓገዝኩኻ እንተሓቢርካዮ ደኣ እንታይ ሓድሽ ነገር ገይርና ማለት'ዩ? ዘይ እቲ እስራኤል ዝገበሮ ኢና ገይርና፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ንሸኻ ብዓቕምኻ ጥራይ ከም ዝጸሓፍካላ ሓብሮ፡"

"እታ ደብዳበ ኮፒ ገይርና ብዘይምትረፍና ኣዚና ኢና ተጋጊና፡" ጣዕሳኡ ገለጸ፡፡

"ኣነ ኮፒ ገይረ ሓዚየ ኣለኹ፡" ኣረጋገጸትሉ፡፡

***

"እምበኣር ከምኡ ገይርኪ?" ብቑጽራ ምስ ተራኸቡ እስራኤል ቀልጢፉ'ዩ ስምዒቱ ገለጸ፡፡ ዛይድ ተጸብዩቶ ስለ ዝነበረት ግና ብዙሕ ከይተገረመት ንቁጠዐኡ ብክምስታ ጥራይ ሓለፈቶ፡፡

"ሓወይ ኑብሱ ክከላኸል ምሕጋዝይ እንታይ ሕማቕ ኣለዎ ደዩ እስራኤል? . . . እንታይ ኢኻ ግና ትኸውን ዘለኻ? እንታይ ደኣ ክንብር ትጸበየኒ? ሓወይ ንሸኻን ካርመልን ተኣሪኽኩም ናብ መቓብር ክትሰዶ ትም ኢለ ክርእየኩም ትደሊ ኣለኻ? ወይ ጉድ!" ክፍኣቱ መመለሲ ክየሙቕ ትርኢ. ስለ ዝነበረት ኣዚያ ኣሰሕቲቐቶ፡፡

"ናይ ሓውኺ ድላይኪ ግበሪ!" ክህድኣ ጀመረ፡፡ "እንታይ ኣለኪ ናብ ስራህ ካርመል ትኸዲ?"

"ስለምንታይ እምበር ንሸኻ ትሓተኒ ኣለኻ? ናብ ድላየይ ክኸይድ ማሰል የብለይን ደየ? . . . እቲ ሓቂ ክየገራ ክኽእል ኣሎኒ፡፡ ካልእ ይትረፍ ሕርቃኻይ ከንፍስ ድማ ክትክልክለኒ ደሊኻ? ክትፈልጥ ቀድመኻ ንካርመል ዝፈልጣ ኣነ'የ፡" ንሳ'ውን ኣይሓመቐትሉን፡፡

"ዋላሓንቲ ከም ዘይገበርኪ'የ ዝፈልጥ ኣነ፡ ናህ ክሕብረኒ ምምጻእ ዝገደፎ ደዩ ዘሎ፡ ክትፈልጢ ኣነ'የ ኣቦት ኑብሱ፡፡ ሽው ድማ ሓሳቡ ከም ዝልወጥ እንተዘይገይረዮ እስራኤል ኣይኮንኩን፡" ፈከረ፡፡

"ኣየናይ ሓሳቡ ክልወጥ? . . . ንካርመል ኣይትጽሓፈላ ክትብሎ?" ሰንበደት ዛይድ፡፡ እስራኤል ከምኡ ዓይነት እከይ ገይሩ ቈጺራቶ ትፈልጥ ኣይነበረትን፡፡ "እስራኤል ኣጕብብ ግበር!" ከኽመስምስ ምስ ረኣየቶ ግንፍል በለት፡፡ "ሓወይ ሰብ ከም ዝኾነን ሰብ ከም ዘለዎም ይረድኣካ፡፡ መጻወቲ ገይርካዮ ደቂስካ ክትሓድር እንተኾንካ ድማ ደሓን ፈትኖ ጥራይ!" ብድድ ኢላ ተሰኣት፡፡ ዝኣዘዞቶ ሻሂ ክሳብ ዝመጽእ እውን ኣይተጸበየቶን፡፡



biniam.fesshazion2015@gmail.com

ይቕጽል




## ምኽሪ ሰንበት

### “ፍሉይ ወዲ እዩ!”

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀመር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒሞሙ ናይዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኣስዓምዲ "ምኽሪ ሰንበት" እምበኣር ንለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑሳጽስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ኣማኻሪ፥ ሄሎ መን ክብል፧ እንታይከ ክሕግዘ፧

ደላዩ ምኽሪ፥ ኣስማይት እብሃል፣ ካብ ድባርዋ እየ ዝድውል ዘለኹ። ክሓተካ ደልየየ ዘለኹ ድማ ምስ ሓደ ወዲ እንድዩ ፍቕሪ ሒዙኒ፡ ኣነ ክቐርቦ ከለኹ ጽቡቕ ዓርኪ ይኸውን፣ እንተደኣ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተረሓሒቕና ግን ፈጺሙ ብዛዕባይ ኣይግደስን እዩ።

ኣማኻሪ፥ ገለ ገለ ዘይበርሃለይ ስለ ዘሎዶ ኣስማይት ክሓተኪ፧ ሕቶኺ ክትጅምሪ ከለኺ ምስ ሓደ ወዲ ፍቕሪ ሒዙኒ ኢልክኒ ኣመሰራርታ ፍቕርኺ ከመይ ይመስል፧ ማለት ንዓኺ ፍቕሪ ከም ዝሓዘኪ ኢኺ ነጊርክኒ እሞ ብወገን'ቲ 'ኣፍቅሮ እየ' ዝበልክዮ ወዲኸ እንታይ ምበልኪ፧

ደላዩ ምኽሪ፥ ኣነ ኣዝየ እየ ዘፍቅሮ፡ ፍሉይ ወዲ እዩ። እንድዒ ከምኡ ዓይነት ወዲ ዘሎ ኣይመስለንን። ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተላለና ኣነ እየ ንፍቕሪ ሓቲተዮ። ምናልባሽ ብውሽጠይ ሕርኽርኽ ዝብለኒ ስለ ዘሎ ክነግረካ፤ ኣነን ማሕዛይን ነዚ ወዲ ንርእዮ እሞ፡ ክልቴና ብሓደ ግዜ 'እውይ እዚ ወዲ ባህ ክብለካ፡ ናትካ እንተ ዝኸውን' ንብል። ብድሕሪኡ ንማሕዛይ ዝቐደምኩ መሲሉኒ ብዙሕ ክቀራረቦ ፈቲነ። ንሱ'ውን ገጽ ኣይከልኣንን። መምህር ኣብ ዘይኣተወና ግዜ ይኹን ኣብ ዕረፍቲ ናብ'ታ ዝመሃረላ ክፍሊ እኸይድ እሞ ኣዕልሎ፣ ንሱ'ውን ብዙሕ እዩ ምሳይ ዝጻወት። ድሕሪ'ዚ ክሓቶ ከለኹ ሕራይ ንምባል ኣይደንጎየን ብቕልጡፍ እዩ መልሲ ሂቡኒ። ብድሕሪ'ዚ ክንራኸብ ከለና ነሕልፎ ግዜ ኣዝዩ ፍሉይ እዩ። በጃኻ ኢለካ ናይ ፍቕሪ ወዲ እዩ!

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባ'ቲ ኣፍቂርክዮ ዘለኺ ወዲ ዝበልክዮ ኣነ'ውን ከረጋግጸልኪ፡ ንሱ ናይ ብሓቂ ፍሉይ ወዲ እዩ። ከምኡ ዓይነት ወዲ ፈጺሙ ኣብ ኤርትራስ ይትረፍ ኣብ መላእ ዓለም'ውን የለን። ከምኡ ዝበልኩኺ ምኽንያት ስለ ዘሎኒ እየ። ካልእ ወዲ'ውን እንተ ትላለዪ ንዕኡ'ውን ፍሉይ ወዲ እዩ ምበልኩኺ። ንስኺ'ውን ፍልይቲ ሰብ ኢኺ ከማኺ ኩነ ከማይ ኣብ መላእ ዓለም ኣይርከብን እዩ። ኩሉ ሰብ ፍሉይ እዩ። ብሉጽ ከኣ እዩ። ግን ኣስማይት ክሓተኪ ፍቕርኹም ኣብ ቤት ትምህርቲን ምስ ማሕዛኺ ክትቀዳደምን ኢኺ ጀሚርክዮ ክሳብ “በጃኻ ኢለካ ናይ ፍቕሪ ሰብ እዩ” ትብሊ ድማ በጺሕኪ። እንታይዩ ኢኺ ኣፍቂርኪ፧ ብቐንዱኸ ፍቕሪ ማለት ንዓኺ እንታይ ማለት እዩ፧

ደላዩ ምኽሪ፥ ከም'ቲ ዝበልካዮ ኩሉ ሰብ ፍሉይ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እዚ ወዲ'ዚ ግን ናይ ፍሉያት ፍሉይ እዩ። ወላ እኳ ኣጀማምራይ ሃንደበት ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ማሕዛይ ምስ ርኣናዮን ምስኣ ክቀዳደም ክብልን እጀምሮ፡ ብቕልጡፍ እዩ ኣብ ውሽጠይ ኣትዩኒ። መልክዑ ዲኻ ክትብል ኣዘራርብኡ ድዩ ኩታ ኮለንትናኡ ሰሓቢ ነገር ኣሎዎ። ዕላሉ እሞ ናይ ብሓቂ ሃነን እዩ ዘብል። ፈጺሙ ክኽሰር ዘይግብኦ ወዲ እዩ። እዚ ደኣ ይፍቀር እምበር።

ኣማኻሪ፥ ዘይመለስክለይ ሕቶ ኣሎ። ፍቕሪ ማለት ንዓኺ እንታይ ማለት እዩ፧ ምስኣ ኣሰዕብ ኣቢልኪ ድማ ክንደይ ክፍሊ ትመሃሪ፧ ዕድሜኺኸ ክንደይ ትገብሪ፧ ናቱ ዕድመን ክፍሉን ድማ ንገርኒ።

ደላዩ ምኽሪ፥ ፍቕሪ ደኣ ንዓይ ፍቕሪ እምበር እንታይ ደኣ ክኸውን ይኽእል። ፍቕሪ እኮ ክትገልጾ ዘይትኽእል ረቂቕ ነገር እዩ። በቃ ኣብ ውሽጥኻ ይኣቱ እሞ ኮለንትናኻ ይወርር። ዕድመይ ሕጂ ጓል ዓሰርተው ሓሙሽተ ኩይነ ኣለኹ ታሽዓይ ክፍሊ ድማ እመሃር። ንሱ ድማ ዓሰርተው ሓደ ክፍሊ እዩ ዝመሃር፡ ዕድሚኡ ግን ኣይፈልጦን እየ። ምናልባሽ ግን ወዲ ዓሰርተው ትሽዓት ወይ ዕስራ ይገብር ይኸውን እዩ።

ኣማኻሪ፥ ኣስማይት ስለ'ቲ ግልጺ ሓበሬታ'ኺ ብልቢ ኣመስግነኪ። ብዝኾነ ግን ነዚ ፍቕሪ ዝብሃል ኣርእስቲ ቍልቁል ኣፉ ዘንጠልጠልክዮ ይመስለኒ። ሰብ ዘፍቅር እኮ ከም ሓደ ናይ ብርሃን ማሕታ ኣብ ልቡ ስለ ዝኣተወ ኣይኩነን። ከትፍቅር እንተ ኹይኑ፡ ቅድም ክትቀራረብ ኣሎካ፣ ነቲ ዝቐረብካዮ ኸኣ ብኸፊል ወላ ይኹን ክትፈልጦ ይግብኣካ። እዚ ኣብ ሞንጎ ክልተ ኣንጻር ጾታ ዝግብር ናይ ፍቕሪ ምትእስሳር ማዕቢሉ ክሳብ ናብ ሓዳር ዝበጽሕ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ማለት ድማ እቲ 'ኣፍቅሮ እየ' ትብሎ ሰብ ኣማሒሊፍካ ኣብ ጉዕዞ ሓዳር ዝህልዎ ብሉጽነት ክትሓስብ ይግባእ። ኣብ'ዚ ኩሉ ብዛዕባ'ቲ 'ኣፍቅሮ እየ' ዝበልክኒ ወዲ ዝሃብክኒ ሓበሬታ፡ ንጉዕዞ ፍቕርኹም ናብ ሓዳር ዘብጽሕ ብቑዕ ረጃሒታት ኣየስተብሃልኩን። መልክዕን ዕላልን ኣድለይቲ እኳ እንተ ኾኑ ወሰንቲ ግን ኣይኮኑን። እምበኣር ንፍቕሪ ኣብሊጽኪ ትፈልጥሉ ግዜ ክነግረኪ። ሕጂ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዘሎኪ ናይ ዕድመ ዕድል መሰረት ብትምህርቲ ብቕዕቲ ትኾንሉ ግዜ ኣብ ቅድሜኺ ኣሎ። እቲ ዝበዝሐ ግዜኺ ንትምህርቲ ጥራይ እንተ ትገብሪ ባዕሉ እቲ ትመሃርዮ ትምህርቲ ሓቀኛ ፍቕሪ ምምስራት ስለምንታይ ከም ዘድልይ ፍልጠት ከስንቐኪ እዩ። እዚ ሕጂ ዘሎኪ ዕድመን ትምህርትን ሓንሳብ እንተ ሓሊፉ ተመሊሱ ኣይመጽእን እዩ። እዚ ካብ ሕጂ ክትጅምርዮ ትሓስቢ ዘለኺ ፍቕሪ ግን ናይ ዕድመ ተሞክሮ ምስ ረኸብኪ፡ ብኣእምሮ'ውን ምስ በሰልኪ፡ ክትረኽብዮ ትኽእሊ ነገር ስለ ዝኾነ ነቲ ምስ ሓለፈ ዘይትረኽብዮ ቀዳምነታትኪ እንተ ኣቐደምኪ ዝበለጸ ይመስለኒ። ውጽኢቱ ድማ ዘየጣዕስ ይኾነልኪ። ኣብ ሕቶኺ ከም ዝነገርክኒ፡ ክትቀራረቡ ከለኹም ብሉጽ ኣፍቃሪ ይኾነልኪ ምስ ተፈላለኹም ከኣ ከም ዘይግደሰልኪ ነጊርክኒ። ብዛዕባ ማሕዛኺ ግን ገለ ነገር ትፈልጢ እንተ ኼንኪ ክሓተኪ። ማሕዛኺኸ ምሳኺ ኣብ ምቅድዳም ተዋፊራዶ ወይስ ገዲፋትልኪ፧

ደላዩ ምኽሪ፥ እንታይ ክትገድፈለይ ደኣ ንሳ'ውን ትረኽቦ እያ። ኣነ ክረኽቦ ከለኹ ደኣ እያ ብዙሕ ምስኡ ዘይትርእ እምበር ብድሕረይሲ ትረኽቦ እያ። ሓደ ካብ'ቲ ብውሽጠይ ጥርጣረ ዝፈጥረለይ ነገር ድማ ንሱ እዩ።

ኣማኻሪ፥ ኣንቲ ኣስማይት እንታይ ገዲሱኪ ንኑብስኺ ኣብ ሓሸውየ ተእትውያ። ብዛዕባ'ዚ ወዲ ክንዛረብ እኳ እንተ ዘይከኣልና ብመሰረት ዝሃብክኒ ገምጋም ዕድመ ብሓሙሽተ ዓመት ይበልጸክን ይመስለኒ። እዚ ማለት ድማ ዘሎዎ ዕድመ ኣብ ኮለጃት ክኣትወሉ ዝግባእ ዕድመ እዩ ነይሩ። እንታይ'ዩ ምኽንያቱ ብንጹር ክንፈልጥ ኣይንኽእልን፡ ንትምህርቲ ግን ክሳብ ክንደይ ሚዛን ይህቦ ክሕተት ዘለዎ ኣርእስቲ እዩ። ኣእምሮ እዚ ዕድመ'ዚ ብትምህርቲ እንተ ዘይተታሒዙ ብኻልእ ነገር ክምላእ ብግዲ እዩ። እሞ ኣስማይት ሕጂ ዘይትምልስለይ ብውሽጥኺ ግን ክትፈልጥዮ ዘለኪ ነገር ኣሎ። ኣብ ትምህርቲ ዘሎዎ ተገዳስነት ኣጽንዒ። እቲ ብብዝሒ ዝበህን ናይ ዕላል ኣርእስቲ ድማ ኣብ ምንታይ ዘተኩረ ምዃኑ ኣስተብህሊ። ኣብዚ ዘለኽዮ ዕድመ ክትውዕልዮ ዘይግብኣኪ ነገር ኣሎ፣ ንሱ ድማ ቅድሚ ሓዳር ጾታዊ ርክብ ምፍጻም እዩ። በዚ መሰረት ንጾታዊ ርክብ ዝህውኽ ሕቶታት የቕርበልኪዶ ኣየቕርበልክን ደጋጊምኪ ሕሰብሉ። ነቲ ዝሃብክኒ ሕቶ ባዕልኺ መልሲ ክትረኽብሉ ስለ ዝኾንኪ እዘን ዝበልኩኺ ደጋጊምኪ ሕሰብለን እሞ ብዛዕባ'ዚ ዝቐርበኪ ዘሎ ወዲ እንታይ ውሳኔ ከም ትህቢ ተመልከቲ።

ደላዩ ምኽሪ፥ በል ደሓን እዘን ዝበልካኒ ነጥብታት ክርእየን እሞ ድሕሪኡ ክድውለልካ እየ። የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፥ ጸገም የለን በዘን መዓልትታት እዚአን ክትድውልለይ ትኽእሊ ኢኺ።

## ሓሳባት

### ሰብን ተመንን

መም. ዮናስ ሃብተ

“ኣብ በረኻ በይንኻ እናኸድካ ሰብን ተመንን እንተ ደኣ ረኺብካ፡ ነቲ ተመን ገዲፍካ ነቲ ሰብ ቅተሎ!” ዝብል ምስላ ኣዕራብ ኣሎ ክብሃል ሰሚዐ ኣለኹ። እታ 'ነቲ ሰብ ቅተሎ' እትብል ዘረባ'ኳ ዘይሰማምዓላ እንተ ኾንኩ፡ “ካብቲ ተመን ዝያዳ ነቲ ሰብ ተጠንቀቐሉ!” ዝብል ምምሕያሽ ገይረ ካብ ዝቕበላ ግን ነዊሕ እዋን ኣቝጺረ ኣለኹ። ከመይሲ፡ ሰብ'ዩ ከይተጻባእካዮ ዝጻባእ። ሰብ'ዩ ከይተተናኾልካዮ ዝተናኾል።

ምእንቲ ከዳህልለካ ኢሉ፡ ኣብ ክዳን ሰብ ተሓቢኡ ከም ተኾላ ዘጥቅዕ ሰብ ብዙሕ'ዩ። ዝኾነ ይኹን ተመን ከኣ፡ “እታ ዘላ ኣብኣ ኣላ!” ኢሉ ድኣ፡ ሓቀኛ ምስሉን ባህሩን ሒዙ ይመጽካ እምበር፡ ንኸዳህልለካ ምስሊ ርግቢት ኣይሕዝን እዩ። ከም ርግቢት ኣትዩ፡ ከም ተመን ዝናኸስ ሰብ ግን መሊኡ እዩ'ሞ፡ “ካብቲ ተመን ንላዕሊ፡ ነቲ ሰብ ተጠንቀቐሉ፡” እንተ ተባህለ ዘኽፍእ የብሉን።

ቅድሚ ዕስራን ክልተ ዓመታት፡ ማለት ብ1995 ዓ.ም.፡ ብምኽንያት ሃገራዊ ኣገልግሎት ግላስ ኣብ ዝበሃል ቦታ ነይረ። ሽዑ ኣብ ግላስን ከባቢኣን ዝነበርና ኣባላት ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሰሙን ምሉእ ኣብ ስራሕ ንቕኒ እሞ፡ ሰንበት ሰንበት ግን ዳርጋ ብምሉእና ኣንጊህና ክንዘናጋዕ ናብ ከተማ ሓጋዝ ንጎዩ። ሓደ ሰንበት ተረኛ መጋቢ ስለ ዝነበርኩ፡ ናይ ምግብና ስርሐይ ወዳዲአ ሰዓት ክልተ ኣቢለ ንኽዘናጋዕ ናብ ሓጋዝ ተበጊሰ።

በታ መሪር ጸሓይ 'ገበታ ገበታ' እናረሃጽኩ ኣብ ፍርቂ መገዲ ምስ በጻሕኩ፡ ሓደ ሪፍ ዝተወጥሖ ጸጉራምን ግሩምን ኣቦ ረኺብኩ። ጋሻ ኼንካ፡ እሞ ድማ ብዘይካኻ ሰብ ኣብ ዘይጽንሖ ጽምጽም በረኻ፡ ሃንደበት ምስ ዘይትፈልጦ ሰብ ክትራኸብ ከለኻ ዝፈጥረልካ ስምዒት፡ ልክዕ ምስ ሓደ ዘፍርሕ ኣራዊት ክትራኸብ ከለኻ ከም ዝስመዓካ ዓይነት ስምዒት እዩ። እንተኾነ ግን ምስ ዘይትፈልጦ ሰብ መገዲ እንተ ተራኺብካ፡ ሰላም ኢልካዮ ክትሓልፍ ከም ዘለካ እፈልጥ ስለ ዝነበርኩ ናይ ኣኽብሮት ርእሰይ ኣድንነ ኣቢለ፡ “ሰላም ኣቦ!” በልክዎም።

እቶም ኣቦ ድማ፡ ልጓም ሪፍ ሒዞ ዝጸንሐ የማናይ ኢዶም ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሎም፡ ዓጸፌታ'ቲ ናተይ ሰላምታ ለጊሶምለይ ሓሊፎም። ምስ ሓለፉኒ ንድሕሪት ገጸይ ቍሊሕ ኢለ ርእየዮም። ንሶም ግን ፍጥነት ናይ'ቲ ሪፎም ሓጊዞምዎም ድሮ ብኡ ንብኡ ርሒቖም ከይዶም። ካልእ መዓልታት፡ ብፍላይ ካብ ሰዓት ሓደ ንላዕሊ ኣቢለ ንሓጋዝ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ፡ ነቶም ኣቦ ናይ ግድን ኣብ መገዲ እረኽቦም'ሞ በቲ ደስ ዝብል ሰላምታኦም እናተዛነኹ ንሓጋዝ እኸይድ ነበርኩ።

ሓደ መዓልቲ ምስ ብጾተይ፡ ኣብ ገበላ ናይ ሓደ ድኳን ኳይና ገለና ቡን ገለና ሻሂ እናሰተና ነሓድሕድናን ምስ'ታ ብዓልቲ ሻህን ወኻዕካዕ ኢልና እናዕለልና ከለና፡ እቶም ዝብለኩም ዘለኹ ኣቦ፡ “ሰላማት 'ዞም ደቀይ!” ኢሎምና፡ ሻሂ ክሰትዩ ኢሎም ምሳና ኮፍ በሉ። ኣብ መገዲ ተራኺብና ከም ዝነበርና ነገርክዎም። እንተኾነ ግን፡ መብዛሕትና ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ሓደ ዘምሰለና ሓደ ዓይነት ሚሊታሪ ክዳን ንኽደን ስለ ዝነበርና፡ ፈልዮም ከለልዩኒ ከም ዘይክእሉ ነገሩኒ። ብዛዕባ'ቲ ኣብ በረኻ ምስ ተራኸብና እሞ 'ሰላም' ምስ በሉኒ ዝፈጠረለይ ምቹእነት ምስ ኣዕለልክዎም ግን፡ እቶም ኣቦ'ውን ደስ ብዘብል ናብ ትግረ ዝዛዘወ ላህጃኦም ጥቕሚ ምልውዋጥ ሰላምታ ምስናይ ኣገባብ ሰላም ኣበሃህላኡ ክነግሩና ጀመሩ።

“ትሰምዑኒ ኣለኹም 'ዞም ደቀይ፡ ምስ ትፈልጦ ይኹን ዘይትፈልጦ ሰብ ከምዚ ናይ ሕጂ ኣብ ቤት ሻሂ ክትራኸብ ከለኻ፡ ኣእዳውካ ሓፍ ኣቢልካ ኢኻ ሰላም ክትብሎ ዘለካ።

ኣእዳውካ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢልካ ሰላም ምባል ድማ፡ “ኣነ ሰለማዊ እየ፡ ዋላ ሓደ ዝጎዳእ ነገር የብለይን። ወይ ዋላሓደ ዝጎዳእ ነገር ኣይሓዘኩን፡ ” ንምባል እዩ ዝጠቅም። ብምባል ትርጓመን ዝባቐን ሰላምታ ኣእማኒ ብዝኾነ ኣዘራርባ ክነግሩና ከለዉ፡ ዳርጋ ሕጂ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ሰብ... እዚ ሰብ! ሳሕቲ ድዩ ኩሉ ግዜ ደኣ እንድዒ እምበር፡ ብትርኢቱን ብልሳኑን ካልእ፡ ብግብሪ ድማ ካልእ፡ ሰላምትኡ ርኢኻ ከይትኣምኖ፡ ነድሩ ኣስተውዒልካ ከይትፈርሖ፡ ሕብሪ ባህሩ ብምቕይያር ዘደናግር፡ “ከምዚ እዩ፡ ወይ ከምዚ ኣይኮነን፡” ኢልካ ክትርድኦን ክትገልጾን ዘይትኽእል፡ ዝተሓላለኸ ፍጥረት'ዩ'ሞ ሕጂ'ውን ካብቲ ተመን ንላዕሊ ንዕኡ ነቲ ሰብ እንተ ተጠንቀቕካሉ፡ ሕራይ ኢኻ ዝገበርካ።





መሓሪ ዑቕባሚካኤል

# ገዓት ሕፍሲ



ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይ'ዚ ዓምዲ፣ ዕድመን ጥዕናን ሂቡና ጸሓፊን ኣንበብቲን ብሰላም እንተቐኒና "ገዓት ሕፍሲ ወይ ገዓት ኣዳሎ" ዝብል ትሕዝቶ ከኣንግድ ምዃነይ ቃል ኣትየ ነይረ። እነሆ ድማ ከም እተመኒኽዎን እተጸበኹምዎን፣ ብመንገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዳግማይ ተራኺብና። እንቋዕ ደሓን ቀኒኹን ቀኒኹምን። ገለ ከምዚ ከማኹም ሰሓቕ ዘይምነምም ኣንበብቲ እዚ ዓምዲ፣ ሰንበት መጺ ምስ ኣንሰትና ከተብእሰና ቀሪኻ ኢሎሙኒ። ንሶቶም ከም ዝበልዎ ንወየን ክግዕታ ዘኽእላ ውሓላሉ "እስከ ገዓት ቅምሰ ወይ ገዓት ሰዕረት ግበርልና" ክብልወን ቀንዮም። ካብ ዕላሎም ክርደኦ ከም ዝኸኣልክዎ፣ ገዓት ሰዕረት፣ ኣብ ጾም ዝበዙሑ ኣመንቲ ዝበልዖ ግዜ ከም ዝኣተወ ንምሕባር ዝምጉብዎ ገዓት'ዩ። ኣብ ኣውደኣመት ይኹን ካልእ ድሕሪ ጾም ዝበልዖ ግዜ ምስ ኣኽለ ድማ ይኣወን ነበረ።

ስሙ ከም ዝሕብሮ ገዓት ሕፍሲ ምስ ወርሓት ቀውዒ ይተሓሓዝ። መማቕርቲ ዝተወሰኾ ድኣ ከይከውን እምበር፣ ገዓት ሕፍሲ ካብ ሓድሽ እኽሊ ይዳሎ ነይሩ ይብልዎ። ከም መግለጺ ሰናይ ድሌት፣ ሓደ ሓድሽ ምህርቲ ከእቱ ዝጀመረ ዓኗይ፣ ዝወደቐ እኽሊ ብእግሪ ብዕራይ ተረገጹ ክዘሮ ምስ ጀመረ ብዓልቲ እንዳኡ ወይ ዓባይ ጓሉ ናብ ዓውዲ ብምምጻእ፣ ካብ ወዮ ንፋስ ወቒዑ ዘጽረዮ እኽሊ ኢዳ ተሓጺባ ብምሕፋሽ ንመጥሓን ዝኸውን ኣብ ወሰን ዓውዲ ካብ ዘርከበ ኣእማን ኣመዓራርይ ኣቢላ ከርከራ ትህንቅጥ። ምህንቋጥ ዝተጣሕነ እኽሊ እምብዛ ክደኽም ተባሂሉ ካልኣይ ክጡሓን እንከሎ'ዩ። ንዓውዲ ኣብ ሓደጋ ብዘየእቱ መኣዝን ኩይና ድማ ሓዊ ትኣጉድ። ካብ ሓድሽ እኽሊ ኣብ መጥሓን በረኻ ዝተዳለወ ሓርጭ፣ ኣብ ዝገረረ ማይ ኣትዩ ገዓት ይዳሎ።

ብዘይ ጨው ከአ ይገዓት። በርበረ መሳሊ'ውን ኣይኣትዎን። ብዓል ዓውዲ ርኹብ ምስ ዝኾውን ጠስሚ ጥራሕ ይኣትዎ። እቲ ጠስሚ'ውን ከም ናይ ካልእ ገዓት ኣብ ማእከል እቲ ገዓት ኣዕሚቑካ ዝዓቀር ኣይኮነን። እታ ገዓት እተዳሉ ሰበይቲ ኑቲ ገዓት በሲሉ'ዩ ኣብ ዝበስትሉ ግዜ፣ ጠስሚ ተፍስስሉ። ዝኣክል ሓዊ ረኺቡ ከኣ ምስ ገዓት ይወሃሃድ። ንምንታይ ከምኡ ይግበር ተባሂሉ ንዘቐርብ ሕቶ፣ "ግዜ ንምቕጣብ" ዝብል መልሲ ይወሃብ። ኣብ ምርጋጽ እኽሊ ይኹን ምዝራው ዘሎ ሰብኣይ ካብ ወዮ ዝተቐረበ ገዓት ከም ዝጥዕሞ እናልዓለ ይምጉብ። "ምሩቕ ቅሩብ ይጸንሖ" ዝምስሉ ሰብ እንትመጸ'ውን ካብ ገዓት ሕፍሲ ይምጉብ። እዚን ካልእን መግለጺታት ተወሲኽዎ ከኣ'ዩ፣ እቲ ኣብ ዓውዲ ዝዳሎ ገዓት፣ ገዓት ሕፍሲ ዝበሃል። ሕፍሲ፣ እኽሊ ምሕፋስ ንማለት ምዃኑ መግለጺ ኣይትደልዩሉን። ንዝገረ ዕላል ድኣሉ ዝኾውን እምበር፣ ገዓት ሕፍሲ ብዘይ ሓዊ እውን ይዳሎ ነይሩ ይብልዎ። ግዳ ጥዑብ ብዘተሓወሶ መንገዲ።

ገዓት ሕፍሲ ንምድላው ዝጡሓን እኽሊ ስገመ-ሰርናይ ምስ ዝኾውን፣ እተን ብውሕልነት ዝልሊያ ኣደታት፣ ንወዮ ስገመ-ሰርናይ ሓርጭ ቅድሚ ምዃኑ ፈኺፈኽ ኣቢለን ከም ዝፈኩሰ ይገብራ። ንገዓት ሕፍሲ ተባሂሉ ዝዳሎ ሓርጭ ከኣ ከም ሓርጭ ጥሕኒ ወይ ቡኮ ይፈኩሱ። ብኸምዚ ኣገባብ ዝተዳለወ ሓርጭ ገዓት ሕፍሲ፣ ክሳብ'ቲ ንጥሕሎ ዝኸኑሉ ደረጃ ኣጸቢቑካ ይቐምጣዕ። ጠስሚ ተሓዊሰዎ ድማ ኣብ ዋህዮ ወይ ከረጺት ኣትዩ ኣብ ምድሪ ይቕበር። ዝኣክል ጸሓይ ወቒዕዎ'ዩ ምስ ተባህለ ኣውጺእካ ኣብ ኢድ ተመጋቢ ይበጽሕ። ከምዚ ገይርካ ገዓት ሕፍሲ ምድላው ነጥሪ ነይሩ ይብልዎ።

ገዓት ሕፍሲ ዝኹነ እኽሊ ክኣቱ እንከሎ ይዘውተር ነይሩ። ግዳ ኣይኮም ኣብ ዓውዲ መሸላን። ኩደንን ሓሎን ዝተባህሉ ዓይነታት መሸላ ገዓት ንምድላው ምሩጻት ይብልዎም። ተራእም ኩይኑ ኣብ ዓውዲ ምስ ወደቐ ከኣ ገዓት ሕፍሲ ይዳለወሎም። ምስቲ ወዲቑ ክሳብ ዝዝሮ ሳልሰቲ ራብዕቲ ይወሰደሉ ዝበሃል ዳጉሻውን ገዓት ሕፍሲ ይለዓል ድኣ። ገዓት ዳጉሻ ምስ ጠስሚ ቃሪኻ ጸቡቕ መግቢ'ዩ። ግዳ ብኣካል ዝፈተንዎስ ብሓርጭ ዳጉሻ ዝተሰርሐ ገዓት በሊዕካ ማይ ብዙበዘሒ ክስተ ኣሎዎ ይብሉ። ዳጉሻ ሓንሳብ ብኣፍ ምስ ኣተወ ግዳም ኣይፈቱን እዩ። ኣብዚ እዋንስ ድርቀት ይገብር ይበሃሉ ይኸውን። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ኣመጋግባ ዝተዓዘቡ ጎሶት፣ ካብ ዓውዲ ሓሊፎም ንገዓት ሕፍሲ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ክምጉብዎ ጀመሩ። ገዓት ሕፍሲ ካብ ዓውዲ ሓሊፉ ጎሶት ኣኣብ ዝጠዓሞም ክምጉብዎ ምስ ጀመሩ'ዩ ገዓት ኣዳሎ ክበሃል ዝጀመረ። ገዓት ኣዳሎ ምስ መጋርያ ኣዳሎ እንተተሓሓዘ ይጥዕም። መጋርያ ኣዳሎ ንሓንሳብ ወይ ክልተ ሳብ ጥራሕ ሓዊ ዘአጉዶ መጋርያ'ዩ። ጓሳ ይኹን ሓላፍ መንገዲ እንተሰ መጺኡ ኩዳሉ ወይ'ውን ብሓዊ ክሰሕን ከም ዝጠዓሞ ሓዊ ይኣጉድ። ብቐዋምነት ሓዊ ዘአጉዶ ወይ ገዓት ዝውደዮ ቦታ ኣይኮነን ንምባል ድማ'ዩ ከምኡ ዝበሃል። ከም ቀደምኩም ካብዚ ዝጥዕም መግለጽን ትርጉምን እንተረኺብኩሙሉ እውን ዝበሎ የብለይን። "ሻሂ፣ እንታይ ብዛሊት ኩይነ ኣነ" ደዋን ዝደረፋ ኣደታት።

ስሙ ድኣ ጥዑም ኣይኮነን'ምበር፣ ሬሳ ዝጠሙ ወይ ዝገዝኡ ሰባት ኣዳሎ ይበሃሉ ነይሮም ይብልዎም። ኣንበብቲ ጠይቐኩም እንተፈሊጥኩምዎ ዝሓሸ እዩ - ብዘዕባ'ዚ ቃል ኣዕሚቑ ዘዕልለኒ ክኢላ ኣፋዊ ያታ እምብዛ ብዙሕ ስለዘይኮነ። ግዳ ወዮም ሬሳ ኣብ ምግናዝ ዝወዓሉ ሰባት (ኣዳሎ ኩብልዮ)፣ ቀባራይ ኣብ ቤት መዋቲ ይኹን ናብ ገዛ ወዲ ዓዲ ተመሪሑ ወይ ክኸይድ ተገዲሩ መመንበሪኡ ምስ ሓዘ፣ ገናዞ ሀየ ብማይ ጥራሕ ዝዳሎ ገዓት ይምገቡ። ሬሳ ኣብ ምግናዝ ዝወዓሉ ሰባት፣ ዘይከም ካልእ መዓልቲ፣ ጠስሚ ይኹን ካልእ መሰነይታ ዝኣተዎ ገዓት ኣይምገቡን። ንምንታይ ከምኡ ይግበር ነይሩ ክፈልጥ ኣይከኣልኩን'ሞ፣ ሃየ ኣንበብቲ ጥቓኹምን ከባቢኹምን ተወኪስኩም ትሕዝቶኹም ናብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ወስ ኣብሉ። ነገረ ገዓት ግና ኣብዚ ይኣኽለኒ ይኸውን። ወዮ'ኳ ገለኹምስ "ተዛረብ እንተበልዎስ ናይ ልቦም ይመስሎ" ኢልኩም ዝመሰልኩሙሊይ።

# እኽሊ ቀመር



ኣብ ዝሓለፉ ሕታማት ዓምዲ ሺዖኹ፣ ንእኽሊ ቀመር ዝምልከት ጽሑፍ ኣኣንገደ ነይረ። በቲ ሽዒኡ ዝቐረበ ጽሑፍ እንታይነት እኽሊ ቀመር ዝበርሀ ይመስለኒ። ካብቲ ሰም ኣቒሉ ዝወጸአ ቅጽላት ግና ተሪፉ ድኣ ነበረ። ፍቓድኩም እንተኾይኑን ዓቕመይ እንተፈቒዱን ንገለ ካብቶም ዝረኸብክዎም ቅጽላት እኽሊ ቀመር ወስ ክብል። ዝተረፈ መግለጺታትን ቅጽላትን እንተሃልዩ ከኣ ከም ቀደምኩም ትውሕሱኒ። ከመዮ ዝበሃልስ ሃምባሃምባ የዐቅብ ይበሃል። ዋላ'ኳ ዚ ኣበሃህላ ዝገልጹ ብዙሓት ጽወጽዋይ ዝመስሉ ሓሳባት እንተለዉ፣ እቲ ቅድም ኢሉ ዝለዓል ግና ውኻርያ ክትጉያ ዝጸነሐት መላእ ጠል፣ ኣብ እግሪ ሃምባሃምባ ተዓቒባ ክትድሕን ክኢላ ይብልዋ። ኣብቲ ጽወጽዋይ ከም ዝምኽኦ እንተድኣ ኩይኑ፣ ቈጽሊ ሃምባሃምባ ንውኻርያ ኣራሕሰ ብዙሓት ኣኽላባት መሰሉ ደረኢያ ይብልዎ። ከምኡ ስለዝኾነት ድማ'ያ ውኻርያ ኣብ ቈጽሊ ወይ እግሪ ሃምባሃምባ ንዘተዓቐብ ዓቕማ ተሃዲ ጉዲፋቶ ትኸይድ ዝበሃል። ግዳ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዕላል ውኻርያ ኣይትቕበሎን ይብልዋ። ንወያ መላእ ጠል ንምንታይ ጉዲፍክያ ተባሂላ ምስ ተሓተተት፣ "ከማይ ኣንስተይቲ ኩይናስ ኣደንገጸትኒ" ኢያ ኢላ። ንልባ ኣጸቢቓም ዝፈልጡ እንስሳታት መሮር ኣትረርም ምስ ሓተትዋ ግና፣ "እታ መላእ ጠል ምስ ወለደት፣ ንሳ ምሳሕይ ዝወለደቶ ድማ ድራረይ ክኾኑዚ ኢለ'የ ገዲፈያ" ኢላ መለሰት። በዚ ኢላ በቲ ግን ውኻርያ ኣይትርታዕን እያም ዝብልዋ። ንኸምዚ ዝበለ ጥቡብ ከም መንፍዓት ተጠቒማ፣ ውኻርያ ካብ ብሓይላ ብጥበብ እትነብር እንስሳ ኢያ ትብሃል።

ሓንቲ ስድራ ቤት እንተሰ ተወርስኣዊ ጸባቐ ሃልይዋ፣ ወይ'ውን ብእዝጊ ዝተመረቐት ኩይና፣ ዓይኒ ዘይሕሰዮን ኣዋልድ ትወልድ። እታ ስድራ ንኸለን እተን ኣዋልድ ወይ'ውን ብኸፊል "ንእለት ጓልና ካብ እከለ ዝበልጽ ወዲ-ተባዕታይ ወይ ካብዞም ዝሓተቱና ስድራ ዝበልጹ ክንረኽበላ ኢና" እናበሉ ግዜ ይወስዱላ። እታ ጓል ከኣ ግዜ ብዘበልዐ ጸባቐኣ ዓይኒ ጠሚታ ትሰእን። "መልክዕ ጓል በራሲ ዓይኒ ወዲ ሃዋሲ" ምኻኑ ንዘየስተውዓሉ ስድራ እታ ጓል ድማ እቲ ሕብረተሰብ "ከም እኽሊ ቐመር ብሹፉ ተበሊዓ" ኢሉ ይዛረብ። እዚ ኣበሃህላ ድማ ኑቲ ሰሪ ምቅያሕ ካብ ብዙሕ ጸቡቕ ነገራት ዝተርፍ ሰብ ማቓቕሒ ይኸውን። ኣብ ግዜኡ ዝተረኽበ ዝኹነ ዕድል ክኽሰር ከም ዘይብሉ ከኣ ዕላል እኽሊ ቐመር ወትሩ የዘኻኽር። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዕብዩ ዝበለ ሓሳብ ምስ መጽ፣ እተን ንመለቦሚ ተባሂለን ዝተላዕላ ጸቡቓት ኣዋልድ መሰነይታ ናይቲ ዛንታ ይኾና።

እንኮ ንዘይፈልጡ ሰባት ኩነታቶም ወይ ናይ ምጉብ ድሌቶም ብእኽሊ ቐመር ይምሰል ነበረ። ኢዶም ፈቲሖም እንኮ ዘይብሉ ሰባት ምስ ዝርከቡ "ቀመርቲ" እናተባህለ ንሕመቖም ይኹን ንዘይምፍታሕ ኢዶም ይዝረበሎም ነይሩ ይበሃል። ብፍላይ ንበረት ይኹን ገዝኡብ ከምዚኣም ዝኣመሰሉ ሰባት ብኸምኡ ተዓቂቡ ጸኒሑ ኣማሲያኡ

ኣብ መዓላ ምስ ዘይወዕል፡ እቶም ሰባት ዳርጋ ካብ ወገኖም ይንጸሉ ነበሩ። ጠቒብካዮ ዝጸናሕካ፡ ኣብ ኑብሰኻን ሰብ ኣብ ዝደልየኻ ክውዕል ክንደይ ሰናይ እዩ'ሞ ኣብ ኢደና ዘሎ ካብ መዓላ ወጻኢ ክሳብ ዝኾውን ኣይንጽበ። "ገንዘብ ቢቃኝ መከራ ይጸብ" ተባሂሉ እውን ተመሳሊ እዩ።



# ስፖርት

የናታን ገብረሂወት yogh@zena.gov.er

## ዙር ፋዝሁ . . .

ክለብ ቅድድም ብሽክሊታ ኤሪተል እትሳተፎ ዘላ ዙር ፋዝሁ፡ ትማሊ ብናይ ራብዓይ መድረኽ ውድድር ቀጺሉ። ተቐዳደምቲ ካብ የንግ ታይ ተበጊሶ ኣብ ዩን ዲንግ ዝተዛዘመ ውድድርዮም ኣካይዶም። እዚ ኣብ ሰዓት 38.20 ኪሎሜተር ዝተመዝገቦ ውድድር ካብ ፈለማ ሓያል እዩ ነይሩ።

ተቐዳደምቲ ናይ ዝተፈላለያ ክለባት፡ ሓሓሊፎም እኳ ናይ መምላቕ ፈተነታት እንተካየዱ፡ ግዜ ከይበልዐ ግና ቡዩም ኣብ ድሕሪት ዝለቡ ሽቶኦም ከይወቕዑ ይሕወሱ ነበሩ። በዚ መሰረት ኣብዚ ናይ ትማሊ ውድድር፡ ኤርትራውያን ኣባላት ክለብ ኤሪተል - ኣማኑኤል ሚልዮን፡ ሚሮን ኣብራሃም፡ ዘመንፈስ ሰለሙን፡ ሚካኤል ሃብቶም፡ ሲራክ ተስፎምን ዳንኤል ሃብተሚካኤልን ብቐደም ተኸተል ናይ 8ይ፡ መበል 14፡ 15፡ 22፡ 54ን መበል 90ን ደረጃታት ብምሓዝ ዘሓሸ ውጽኢት ኣመዝጊቦም።

ኣውስትራልያዊ ኣባል ክለብ ሚቸልቶን ስኮት - ጄይ ሂንድለይ ንውድድሩ ብ3 ሰዓትን፡ 26 ደቒቕን 25 ካልኢትን ብምዝዛም ተዓዋቲዛ መድረኽ ኮይኑ። ሆ ካ ፋንግ፡ ስታኒስላው ባዚኩ፡ ድሪው ሞረይ፡ ፍራንሲስኮ ኮሎራዶን የናታን ማንሳልቭን ድማ ተኸቲሎሞ ካብ 2ይ ክሳብ 6ይ ንዘሎ ተርታ ሒዞም።

ብወሀሉል ግዜ፡ በዚ ናይ ሎሚ ዓውት ተሓጊዙ ኣውስትራልያዊ ጄይ ሂንድለይ መሪሒ ዘሎ ክኸውን እንከሎ፡ ክሳብ ትማሊ ኣብ መበል 15 ተርታ ተቐሚጡ ዝጸንሐ ኤርትራዊ ኣማኑኤል ሚልዮን ድማ ዓስራይ ኮይኑ ኣሎ።

ብነጥቢ ግና ገና ዩክሬናዊ ሚክያሎ ኮኖኔንኮ ብ34 ነጥቢ ኣብ ቅድሚት ይርከብ። ቤላሮሳዊ ስታኒስላው ባዚኩ ንግልያ ኣንበሳ ዓቐብ ዓቂብዋ ኣሎ - ብዘዋህለሎ 38 ነጥቢ። ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ነጥቢ ከይኣከበ ዝጸንሐ ዳንኤል ሃብተሚካኤል ድማ ኣብዛ ናይ ሎሚ መድረኽ 14 ነጥቢ ክእከብ ብምኽኣሉ 4ይ ተርታ ክሕዝ ክኢሉ። ብደረጃ ጋንታ ካብ 22 ክለባት ብ 34:47: 57 ግዜ ኮልስ ሳይክሊን ቀዳመይቲ ኮይና ክትመርሕ እንከላ፡ ኤርትራ ድማ ብ5:12 ካልኢት ጥራይ ተበሊጻ ናብ 5ይ ተርታ ክብ ኢላ።

ዙር ፋዝሁ 2017 ሎሚ ኣብ የንግታይ ብዝካየድ ሓምሻይን መወዳእታን መድረኽ መጋረጃኡ ክዓጹ እዩ። ተቐዳደምቲ ኣብዛ ዛዛሚት መድረኽ 127.4 ኪሎ ሜተር ክጎዓዙ እዮም።

## ሰኔጋል ድሕሪ 16 ዓመት . . .

ሃገራት ኣፍሪቃ ብቕድሚ ትማሊ ምሸት ኣብ ዝተሰርዓለን ግጥማት መጻረዪ ንዋንጫ ዓለም፡ ሰኔጋል ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ናብ ስታድዩም ፔተር ሞካባ ናይ'ታ ብ 'ባፋና ባፋና' ዝብል ቅጽል ስም እትልለ ደቡብ ኣፍሪቃ ተጓዒዛ ናይ ሞትን ሕየትን ጸወታ እያ ኣካይዳ። መቸም ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ኣብቲ ተባሂጊ ውድድር ንምቕልቃል ዝገበረቶ ጻዕሪ ሰሊጡዋ። ደቡብ ኣፍሪቃ ን72 ሚእታዊት ናይቲ ጸወታ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽራ'ኳ እንተ ኣእተውዩ፡ ሰኔጋል ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሳጦን ማክሂዘ ናብ ገዛእ ልዓቱን ብዘመዝገቡወን ሽቶታት 2ብ0 ብምዕዋታ ናብ ዋንጫ ዓለም 2018 ዘሕልፉ ትኬት ኣቚሪጻ።

እዛ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ድሕሪ 16 ዓመት ንመጀመርታ ግዜኣ እያ ናብ ዋንጫ ዓለም ክትምለስ በቒዓ ዘላ። ካብ መጉዳእቲ ዝተመልሰ ሳድዮ ማኔ ኣብ ታሪኻዊ ዓወት ሃገራዊት ጋንታኡ ወሳኒ ተራ እዩ ተጻዊቱ። ኣብ ክልቲኣን ሽቶታት ኢዱ ነይሩ እዩ። እዚ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ድሕሪ'ቲ ምቁር ዓወት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሩስያ ኣብ እተኣንግዶ ውድድር፡ 'ሓበን ኣፍሪቃ' ኮይኖም ክወጹ ከምዝደሊ ነጊሩ።

ሰኔጋል በዚ ዓወት ተሓጊዛ ብ11 ነጥቢ ኣብ ሳዕሊ ሰሌዳ ምድብ ኣርባዕተ ክትቅመጥ እንከላ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ድሕሪ'ተን ሽሽዱሽተ ነጥቢ ዝኣከባ ቡርኪና ፋሶን ኬፕ ቨርደን እያ ተሰሪዓ - ብኣርባዕተ ነጥቢ። ባፋና ዓብላልነት ጸወታ ኣረጋጊጸ ብዙሕ ፈተናታት ዘካየደትን ሓያለ ናይ ሽቶ ዕድላት ዝፈጠረትን ብምንባራ ከይተዓወተት ብምውጽኣ፡ "ዕድል ኣልቦ" እያ ተጻዊዓ። ኣሰልጣኒኣ ስትዋርት ባክስተር ጋንታኡ ትትረፍ ደኣ'ምበር፡ ጽቡቕ ገስጋስ ተርኢ ምህላዋ እዩ ዝኣምን። ካሜሩን ኣብ ዝካየድ ዋንጫ ሃገራት ኣፍሪቃ 2019 ንዓኣ ምምራሕ ክቕጽሎ ከምዝደሊ ድማ ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።

ምሕላፍ ሰኔጋል ናብ ዋንጫ ዓለም ንኣሰልጣኒኣ ኣሊው ሲሰ ውልቃዊ ክብሪ ከረክብ እውን ኣኽኢሉዎ ኣሎ። ሓለቓ ጋንታ ናይጀርያ ዝነበረ ስቲፈን ከሺ ኣብ ዋንጫ ዓለም ንናይጀርያ ወኪሉ ዝተጻወተን ድሒሩ ድማ ከም ዓላሚ ናብኡ ክትሓልፍ ዘብቅዐን ኣሰልጣኒ እዩ። ዓላሚ ሰኔጋል ዘሎ ሲሰ ድማ ሕጂ ንኸሺ ይጽንበሮ ኣሎ።

ሰኔጋል፡ ንናይጀርያን ምስርን ሰዒባ ሳልሰይቲ ካብተን ሓሙሽተ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝሳተፋ ኣፍሪቃውያን ሃገራውያን ጋንታታት እያ ትኸውን ዘላ።

እዚ ከምዚሉ እንከሎ፡ ርክብ ሽወደንን ኢጣልያን ልዑል ግምት ካብ ዝተዋህቦ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም ናይ ሃገራት ኤውሮጳ ነበረ። እዚ ናይ ቀዳማይ እግሪ ግጥም ፕለይ-ኦፍ ኣብ ሽወደን እዩ ተሰላሲሉ። ኢጣልያ ብ63 ሚእታዊት ጸወታ ኣብ ዝበለጸትሉ፡ ተጻወትታ 573 ኩዕሶ ተቐባቢሎም። 6 ድማ ንሽቶ ዝኸና ኩዕሶ ፈቲኖም። በዚ ድማ ሃገራዊት ጋንታኦም ኢጣልያ ኣብቲ ምሸት ኑቲ ግጥም ትዕወተሉ መሲላ ቀሪባ ነይራ። ይኹን እምበር ካብተን ንፈተነታት ዘካየደተን ሓንቲ ዓንዲ ልዳት ኣህሪማ'ኳ እንተነበረት፡ ዘርብሕ ውጽኢት ኣየምጽኣትን።

ብኣንጻሩ እታ ኣብ ቅድሚ ደገፍታ ትጻወት ዝነበረ ሽወደን፡ ን37 ሚእታዊት ጸወታ ጥራይ ዝተቖጻጸረት ክንሳ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ተቐይሩ ብዝኣተወ ጃኮብ ጆሃንሰን ብዝረኸበታ እንኮ ሽቶ ምሉእ ነጥቢ ሓፊሳ። በዚ መሰረት ኣብ ቀዳማይ እግሪ 1-0 ተረቲዓ ዘላ ኢጣልያ፡ ቀጺላ ኣብ ሜዳኣ ኣብ እተካይዶ ናይ መልሲ ግጥም ዓወት እንተደኣ ዘየቕጺራ፡ ድሕሪ 1958 ንፈለማ ግዜኣ ካብ ዋንጫ ዓለም ዝተኣልየት ሃገራዊት ጋንታ ክትከውን'ያ።



## ቀይሕ ባሕሪ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ቖጺራ



ክለብ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ - ቀይሕ ባሕሪ፡ ንኤርምያስ ተወልደ (ቲሉ) ሓድሽ ዓላሚኣ ክኸውን ከምዝቖጸረቶ ትማሊ ብወግዒ ኣፍሊጣ።

እዛ ዓርሞሽሽ ክለብ፡ ነዚ ንቡታ ዓላሚኣ ዝነበረ ኣማኑኤል ካሕሳይ (ሻውል) ክትክእ ዝመዘዞቶ ኣሰልጣኒ፡ ንኽልተ ዓመት ዝጸንሕ ውዕል ኣፈሪማቶ ኣላ። ኣብ ቀረባ መዓልቲ ስርሑ ክጀምር ምኳኑ ድማ ኣብ መግለጺኣ ሓቢራ።

ኤርምያስ ምስ ጉጥንዳ ፈለማ ከም ተሓጋጋዚ፡ ካብ 2014 ንድሓር ድማ ቀዳማይ ዓላሚኣ ኮይኑ ክኣልያ ጸኒሑ። ጉጥንዳ ብኣላይነቱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ኣብ ውድድር ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል ንዝነበራ ሰሓቢ ጸወታ ዓቂባ፡ ምስ ሳዕለዎት ሓሙሽተ ጋንታታት ክትሰራዕ ክኢላ እያ። ክልተ ግዜ ሓምሻይ፡ ሓንሳብ ከኣ ራብዓይ ተርታ ምሓዛ ይፍለጥ።

ትማሊ ኣብ ኣዳራሽ ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ ተረኺቡ ሓጺር ቃለ መሕትት ዘካየደ ኤርምያስ፡ "ንቀይሕ ባሕሪ ካብ ቀደም እብህጋ ነይረ'የ፡ ስለ'ዚ ክዕልማ ብምብቅዐይ ኣዝየ ተሓጉሰ ኣለኹ። ብርግጽ ክቡድ ዝበለ ስራሕ ይጽበየኒ ኣሎ። ንዝይሕለሉ ደገፍታ ከሐጉስ ግን ክጽዕር እየ።" ክብል ተዛሪቡ።

ኣቦ መንበር ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ዮናስ ታፈራ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ'ዛ ዝሓለፈት ዓመተ-ስፖርት ተወዳዳሪት እኳ እንተነበረት፡ ከምቲ ዝሓሰቡዎ ከምዘይከደትን ብኡ ምኽንያት ኣሰልጣኒ ክቕይሩ ከምዝተገደዱን ገሊጹ።

"ስራሕ ሻውል ብቐሊሉ ኣይንጥምቶን ኢና። ኣብ ዝኸዶ ከኣ ጽቡቕ ዕድል ንምጸለ" ዝበለ እቲ ኣቦ-መንበር፡ ጉጥንዳ ምስ ዓበይቲ ጋንታታት ክትወዳደር ምጽንሓን ጽቡቕ ጸወታ ምንጽብራቓን ብዓቢኡ ብሳላ ኤርምያስ ምኳኑ ተገንዚቦም መዚኖት ከምዝረከቡዎ ክገልጽ እንከሎ፡ እዚ ሓድሽ ዓላሚ ጉዱሉ ንዝጸንሐ ክብርታት ቀይሕ ባሕሪ ክመልሶ ብቦርዲ'ታ ክለብ ልዑል እምነትን ትጽቢትን ከምዘሎ ሓቢሩ።

ወኪል ደገፍቲ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ መልኣከ ዑቕባዝጊ ብወገኑ፡ ደገፍቲ'ታ ክለብ ብቕዓታ ብምጉዳሉ ካብ ልቢ ከም ዝተቘጥዑ ብምግላጽ፡ "ሕጂ እታ እንኮ ንደልያ ነገር ዓወት ጥራይ'ያ።" ኢሉ።

እቶም ደገፍቲ ኣብ ውዑይን ዝሑልን እዋን ኣብ ጎድና ከምዝለው ዘረጋገጸ ኣቶ መልኣከ፡ እዚ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ብዓወት ከሰራስሮም ተስፋኡ ገሊጹ።

ድሕሪ 2008 ኣብ ዝተሳተፈቶ ዞባውን ሃገራውን ውድድራት ኩዕሶ ኤርትራ ኣኪታቲላ ዘውዲ ሻምፕዮን ካብ ምድፋእ ዓሚ ንመጀመርታ ግዜ ዝፈሸለት ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ'ቲ ትሕቲ ኣማኑኤል (ሻውል) ንሰለስተ ዓመት እያ ጸኒሓ። ኣብዚ መቓን ግዜ ድማ ኣማኑኤል ነታ ክለብ ሓሓደ ግዜ ሻምፕዮን ዞባ ማእከልን ኤርትራን ክገብራ እንከሎ፡ ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት ንዕኡ ኣይድገሞ ደኣ'ምበር፡ ቅድሚ ሎሚ ወሲዳተን ንዘይትፈልጥ ክልተ ዋናጩ - ናጽነትን ዘዋሪትን ናብ ኩቡሓ ከምዝኣትዋ ገይሩ እዩ።

## ሩስያ ንውሕስነት ዋንጫ ዓለም ዩኒቨርሲታት ክትዓጹ ወሲና



መንግስቲ ሩስያ፡ ብምኽንያት ዋንጫ ዓለም 2018 ኣብ ኣርባዕተ ከተማታት ዝርከባ ዩኒቨርሲታት እታ ሃገር ዓመተ ትምህርተን ቀልጢፈን ክዓጽዋ ከምዝወሰነ ኣፍሊጡ። እተን ብሰንኪ ዋንጫ ዓለም 2018፡ ኣቐዲመን ትምህርተን ክዛዝማ ተወሲነን ዘለዋ ዩኒቨርሲታት፡ ኣብ'ተን ዋንጫ ዓለም 2018 ዝካየደለን ከተማታት ሩስያ ዝርከባ ከምዝኾና ኸኣ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ኣረዲኡ።

መንግስቲ ሩስያ ነዚ ስጉምቲ ዝወሰድ ዘሎ፡ እተን ዩኒቨርሲታት ኑቶም ካብ 14 ሰነ ክሳብ 15 ሓምለ ኣብ ዝካየድ ጸወታታት ዋንጫ ዓለም 2018 ኣብ ጸጥታዊ ውሕስነት ዝሳተፉ ኣባላት ፖሊስ ከም ናይ መደቀሲ ክፍሊታት ንኸገልግላ ብዝብል ምኽንያት ከምዝኾነ ተሓቢሩ።

እቲ ተወሲዱ ዘሎ ውሳነ ቡቲ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ዝዓበየ ማሕበር ተመሃሮ ሩስያ ተቓውሞ ገጢሙዎ ከምዘሎ ተገሊጹ። ኣቦ-መንበር ናይቲ ማሕበር ቫሲሊ ምክሃይሎቭ፡ "ብዙዕባ'ቶም ናይ ምሉእ ዓመት ንመምሃሪ ዝኸፈሉ ገንዘብ ዝኸፈሉ ኣሽሓት ተመሃሮ ኢና ንዛረብ ዘለና። እዚኣቶም ከኣ፡ ግቡእ ናይ መምሃሪኦም ገንዘብ ከፊሎም ከለው ሓደ ወርሒ ቀዲሞም ትምህርቶም ክዛዘሙ ክንገሮም ከሎ ተቐባልነት ዘይብሉ'ዩ" ክብል ገሊጹ። ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ሩስያ ዲመትሪ መድቨደቭ፡ ተመሃሮ ግዳይ ከይኮኑ ዝሕብር ደብዳበ ልኢኹ ከምዘሎ ድማ ሓቢሩ።

እቲ ውሳነ ብምርድዳእ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሩስያን ወደብቲ ዋንጫ ዓለምን ዝተወስደ ኮይኑ፡ እቲ ስጉምቲ ወይ መምርሒ፡ ንሕግታት ትምህርቲ ሩስያ ዘማልእን ንመሰላት ተመሃሮ ዘኽብረን ከምዝኾነ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሩስያ ኣፍሊጡ።

ሩስያ፡ ኣብ'ቲ ንፈለማ እዋን ዋንጫ ዓለም 2018 እተኣንግደሉ ግዜ፡ ኪጋጥማ ንዝኽእል ግብረ ሽበራዊ ስግኣታት ምሉእ ብምሉእ ንምፍሻል እምበረ-መጠን ጸጥታዊ ሓለዋ ክትገብር ምኳናዩ ዝግለጽ፡

## ዓብደልቃድር ኣሕመድ ኣብ ሰደቓ ቴንስ ዞባ ማእከል ተዓዊቱ

ብፌደረሽን ሰደቓ ተኒስ ዞባ ማእከል ዝተወደበን ሱዳናውያን ተጻወትቲ ዝተሳተፉዎን ውድድር ሻምፕዮን-ሺፕ 2017፡ ትማሊ ኣብ ኣዳራሽ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ብዝተኣንገደ ጸወታታት ፍጻመ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ናይ ትማሊ ጸወታታት፡ ኣብ ናይ ዓበይቲ ውድድር ካብ ሃገሩ ቀዳማይ ካብ ኣፍሪቃ ድማ ካልኣይ ዝወጸ ሱዳናዊ ዓብደልቃድር ኣሕመድ ባርቤሪ ንመውዳድርቱ ተወልደ ገብረንገስ ረቲዑ ተዓዊቲ ኮይኑ። ብንያም ገብረእግዚኣብሄር ሳልሳይ ክወጽእ እንከሎ፡ ካልእ ሱዳናዊ ፋሪስ መሓሙድ ኣውድ ራብዓይ ተርታ ሒዙ።

ካብ ሱፐር ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል፡ ኤፍሬም ተኽለ፡ ሓጎስ ተኽለን ሚኪኤል መንግስትኣብን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክወጽኡ እንከለው፡ ካብ ደቀንስትዮ ተጻወትቲ 1ይ ዲቪዥን ድማ ልዋም ሃ/ማርያም ቀዳመይቲ ብምኳን ተዓዊታ። ዮዲት ተኽሉን ኣስማይት ዑቕባይን ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኮይነን።

ብዘይካዚ፡ ካብ ተወዳደርቲ 2ይ ዲቪዥን ደቀንስትዮ - ትርሓስ ሺሳይ፡ ካብ 1ይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ኣማኑኤል ተኽለ፡ 2ይ ዲቪዥን - ሴም ፍስሃየ፡ ካብ 3ይ ዲቪዥን ድማ ሩሕ ሚኪኤል ቀዳሞት ኮይኖም ዝተዓወቱ ተጻወትቲ እዮም።

ዕውታት ንዝተዓለወሎም ናይ ዋንጫ፡ መዳልያን ገንዘብን ሽልማት ካብ ኢድ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ምክትል ኣምባሳደር ሱዳን ኣብ ኤርትራ ኣቶ ሰሚር ኣልራሺድን ሓላፊ ጨሎምሽን ስፖርት ዞባ ማእከል ኣቶ እንድርያስ ኣስመሮምን ተቐቢሎም።

ኣብ መወዳእታ ኣባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ "ጽቡቕ ተበግሶ" ድሕሪ ምባል፡ ሰደቓ ተኒስ ከምቲ ካልኦት ስፖርት ዘይምዕብለሉ ምኽንያት ከምዝዩለ ብምግላጽ፡ ኣካየድቲ ልዑል ግደ ክጻወቱ ከምዝለዎም ተላቢዩ።

ለተብርሃን ወ/ኣረጋይ





# ሰንበት



# ቈልዑ



*መም/ ኣብርሃም ሓጎስ*

## ካብ ታሪኽና . . .

### ናቕፋ

* ናቕፋ ካብ “ነቀፍ” ዚብል ቃል ቋንቋ ትግረ ዝመጸ ኮይኑ፡ “ለዓለ” ወይ “በረኸ” ዝብል ትርጉም ኣለዎ።

* ብራኸ ከተማ ናቕፋ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ 1,780 ሜትሮ እዩ።

* ናቕፋ ኣብ 1977 ሓራ ምስ ወጸት፡ ሳላ ሓያል ኒሕን ጅግንነትን ተጋደልቲ ዳግማይ ኣብ ኢድ መግዛእቲ ዘይኣተወት ትእምርታዊት ከተማ’ያ።

* ናቕፋ ዝበዝሐ መስዋእቲ ዝተኸፍለላ ታሪኻዊት ከተማ’ያ።

* ታሪኻዊ መስጊድ ናቕፋ፡ ኣብ 1934 ብከንቲባይ ዑስማን፡ ኢጣልያዊያን ገረፎንን ሮማልን፡ ህዝቢ ናቕፋን ተሃኒጻ። ኣብ’ቲ ካብ 1978-1988 ዝተኻየደ ውግእ እንኮ ፍጹም ዘይዓነወት’ያ። ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ድማ ከም’ታ ዚነበረታ፡ ቅርጺን ሕብሪን ሒዛ፡ ምስክር ብረታዊ ቃልሲና ኮይና ኣላ።

ለበዋ፦ ሓደ መዓልቲ ብጽሑዋ! ተዓወቱ!!



## ወግዒ ኣቦይ ያሲን



ኣሰላም’ዓሌኩም ፍቱዋት ደቀይ ከመይ ቀኒኻትኩም። ብዙሓት ኣብ ትምህርቲ ትነፍዑ ከም ዘለኹም ወለድኹም ነጊሮምኒ። ተጽንዑሉን ትዘናግዑሉን ግዜ ፈሊኹም ግዜኹም ኣብ ቁምነገር ተውዕልዎ ምህላውኩም ኣሐጒሱኒ። ገሌኻትኩም’ውን ድሮ ንኣሸቱ መርመራታት ጀሚርኩም፡ ኣገናዕ ዘብል ምሉእ ነጥብታት ክትረኽቡ በቒዕኩም ኣለኹም። ሓደ ሓደ ግና ኣይግድን! ጌና ትምህርቲ ከይጀመሩ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ ይጽመዱ ስለ ዘለዉ ጌታታት ከብዝሑን ኪሓምቁን ግድን’ዩ።

ካብ ኩሉ ድማ ኣብ ክፍሊ ንዘወሃብ ትምህርቲ ጽን ኢልካ ምክትታልን ዘይተረድኣካ ካብ ምሕታትን ድሕር ኣይትበሉ!! ዘይምሕታት ካብ ፍልጠት የብኩረካ። ኣረ እንሓንሳእስ ንህይወትካ’ውን ኣብ ጸገም ከውድቐካ ይኽእል’ዩ።

ሓንቲ ሓጻር ጽውጽዋይ ክነግረኩም። ሓንቲ ውላድ ጠበቕ ነበረት። እዛ ጠበቕ ካብ ኣደኣ ርሒቓ ኣብ እትኸደሉ ዝነበረት እዋን ሃንደበት ጭራኣ ኣብ ሞንጎ ኣእማን ትቕርቀርሞ ብምሒር ምስሓብ እታ ጭራኣ ተቖርጸት። በዚ ሓኒኻ ድማ ንቕድሚኣ ሃጽ ኢላ ጠፍኣት። ኣዲኣ ንዕኣ ክትረክብ ዘይበጽሓቶ ቦታ ኣይነበረን። ንኹላቶም ለመምቲ ሓቲታ’ውን ቀበጸት። ኣብ መወዳእታ ግና ወያ ውላድ ጠበቕ ዘይምሱል መሲላ ብጥሜትን ጽምኢን ተዳኺማን ማሲናን ንገዝኣ ተመልሰት። ኣዲኣ ፍጹም ጋገየታ። በቲ ሓደ ወገን ሓጎስ በቲ ሓደ ወገን ድማ ሓዘን ተፈራሪቑዋ እናነብዐት ሰዓመታ። ቁሩብ ትንፋስ ምስ መለሰት ናብዚ ጸገም ዘውድቓ ምኽንያት ምስ ሓተተታ፡ ብብሓደ ዘርዚራ ነገረታ። ወያ ኣዲኣ “እዛ ጓለይ ሰኣን ናባይ መጺእኪ ምሕታትኪ ኢኺ እዚ ኩሉ ጸገም ረኺብኪ. . . ጭራ ጠበቕ ድኣ እንተተቘሪጻ ብኡ ንብኡ እንድኣላ ባዕላ ትትካእ “ በለታ። ወያ ውላድ ጠበቕ ሰኣን ነዲኣ ምሕታት ኣብ’ዚ ኩሉ ጸገም ምውዳቓ ፍጹም ኣጠዓሳ!!

ፍቱዋት ደቀይ ካብ ምሕታት ድሕር ኣይትበሉ!

### ብቑጽሪ ጽሓፉዎ

ንኣብነት፦ ሰላሳ ሽሕን ሓደን = 30.001

1. ሰለስተ ሽሕን ሓደን= _____

2. ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕን ዕስራን ሓሙሽተን= _____

3. ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕን ሰማንያን ክልተን= _____

### ፍልልይ ርኸቡ !

ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ካልኢት ሓሙሽተ ፍልልያት እንተ ረኺብኩም ንፉዓት ኢኻትኩም፡



ዚብኢ እንተዘይፈሪሀካዮ ኣይደፍረካን’ዩ ዝብል ኣብ መጽሓፍ ኣንቢበ



እቲ ዝብኢ’ሽ ነቲ መጽሓፍ ኣንቢቡዎዶ ይኸውን?



### ንልቢ ክኹነኩም

እቲ ዝዓበየ ጌጋ ካብ ጌጋኻ ዘይምእራም

ዝዓበየ ፍኹስነት - ሓሶት

ዝዓበየ ስጕልና - ተስፋ ምቑራጽ

እቲ ዝዓበየ ክሳራ - ትምህርቲ ሸለል ምባል

እቲ ዝኸፍአ መርዚ - ንወለድኻ ዘይምእዛዝ

## እንግሊዝኛ ....

Fill in the blanks with the correct question from the box.

| | | | |
|---|---|---|---|
| *How* | *Where* | *When* | *Why* |
| *Whose* | *What* | *Who* | *Which* |

1.________ is your house?

2.________ pen is this?

3.________ are you always late?

4.________ wrote this book?

5._______ of the two boys is smarter?

6._______ size do you wear?

7.________ old is he?

8. _________ is Muse going to get a haircut?


**ኣድራሻና።**

ሰንበት ምስ ቈልዑ
ፓ.ሳ.ቍ. - 1042
ኣስመራ


## ብምኽንያት ኣህጉራዊ ቅነ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ

### ካብ 13 - 19 ሕዳር

<u>መልእኽቲ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ቍ.1</u>

ኣብ እትሓመሉ እዋን ሕማምካ ክፈውስ ይኽእልን ኣይክእልን ክትፈልጥ ክትደሊ ባህርያዊ እዩ። ጸረ-ባክተሪያ መድሃኒታት ብባክተርያ ንዝስዕቡ ረኽስታት ኣብ ምፍዋስ እንጥቀመሎም ኣዝዮም ወሰንቲ ዓይነት መድሃኒታት እዮም። ገለ ጸረ-ባክተርያ መድሃኒታት ወጸኢታውኑዮም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዝየ ይኸይድ ከም ዘሎ ግን ትፈልጥዶ? ጠንቂ ናይዚ፡ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባክተርያ መድሃኒት ኩይኑ፡ ከም ሳዕቤኑ ባክተርያ ኣንጻር እዞም ዓይነት መድሃኒታት ተጻውሮ ስለዘጥርዩ ገለ-ገለ ብቐሊሉ ክፍወሱ ዝኽእሉ ዓይነት ረኽስታት ፍጹም ክፍወሱ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ በጺሖም ኣለው። “ኣብዚ ጉዳይ ከም ተጠቃሚ ናይዞም መድሃኒታት መጠን ክህልወኒ ዝኽእል ኣስተዋጽኦ ይህሉ’ዶ ትብል ትኸውን? ብርግጽ ኣሎ! እቲ ቀዳማይ፡ ጸረ-ባክተርያ መድሃኒት ብዘምልከቶ ብዓል ሞያ ጥዕና እንተተኣዚዙልካ ጥራይ ወሰድ። እንተተኣኣዚዙልካ ኸኣ ከዋኒኑ ብግቡእ ትጥቀመሉ ምህላውካ ኣረጋግጽ። ተረፍ ጸረ-ባክተሪያ መድሃኒታት ‘ክጠቕመኒ’ዩ’ ኢልካ ብምሕሳብ ኣይትጠቐም። ብኻልኣይ፡ ንዓኻ ተባሂሉ ዝተኣዘዘ መድሃኒት ወላ’ውን እንተኾነ፡ ንብጾትካ ይኹን ኣባላት ስድራኻ ኣይተካፍል። ኣብ መወዳእታ፡ ቀጻሊ ኣእዳውካ ብምሕጻብን ጽሬት ብምዝውታርን ብዓቢኡ ኸኣ ጕእ-ርእሰኻ ካብ ሕማም ብምክልኻል፡ ኣድላይነት ምጥቃም ጸረ-ባክተርያ መድሃኒታት ስለዘወግድ ዝሓሸ ስጉምቲ እዩ። ምእንቲ’ዚ፡ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ኣብ ህይወትካ ወሳኒ ተራ ዝጻወቱ ከም ምኳኖም መጠን ቅድሚ ምውሳድካ ኩሉ ግዜ ምስ በዓል ሞያ ጥዕና ተማኸር።

| <u>ተረኛ ፋርማሲ</u> | <u>ዕለት</u> | <u>ኣድራሻ</u> | <u>ቁ.ስልኪ</u> |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 12/11/2017 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 12/11/2017 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ-17፡ ከባቢ ሲነማ ሓማሴን | 123690 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 12/11/2017 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፐሮ | 120253 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 13/11/2017 | ከባቢ ማ.ት.ኦ0176 ቁ.25፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |